# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.84 | ቀዳም 7 ታሕሳስ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3 — ወለድን ‘ሃካይ’ ዝተባህለ ውሉድን



ገጽ 4 — ዓለም ለኻዊ መዓልቲ ፍርያምነት ሓመድ

ገጽ 5 — ባህርያዊ ፍወሳ ጸቕጢ ኣእምሮ

ገጽ 6 — ዘመናዊ ዝናብ



ገጽ 11 — ግጥማት ስፕር ዲቪዥን ‘ኤ’ ቀጺሉ


# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንኬንያዊ ፖለቲከኛ ራይላ ኦዲንጋ ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ




ስእሊ- ኣከሊሉ ዘርኢዝጊ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ትማሊ 6 ታሕሳስ ኣብ ሰዓታት ድሕራቐትሪ፡ ንኣቦ-መንበርነት ኮሚሽን ኣፍሪቃዊ ሕብረት ንዝወዳደር ዘሎ ኬንያዊ ፖለቲከኛ ራይላ ኦዲንጋ፡ ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

እቲ ኣብ ኣዳራሽ ደንደን ዝተኻየደ ርክብ፡ ንኣፍሪቃ ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ጉዳያት - ቀጠባዊ ጽምዶን ሽርክነትን፣ ክሊማዊ ለውጢ፣ ብድህሆታት ቁጠባዊ ንግዲ፣ ኣገዳስነት ትሕተ-ቕርጺ ኣብ ቀጠባዊ ምዕባለ፣ ከምኡ’ውን ወሸጣዊ ግጭታትን ጉዳይ ጸጥታን ዘተኮረ ነይሩ።

ሚኒስተር ኦዲንጋ ንኤርና ኣብ ዝነበሮ ሓበሬታ፡ ዕላማ ናይ’ቲ ኣብ ኤርትራ ዝፈጸሞ ናይ ሓደ መዓልቲ ምብጻሕ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ንኣፍሪቃ ዝገድሱ ጉዳያት ዘለዎ ሓሳባት ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ንምክፋል፣ ብቐንዱ ድማ ኑቲ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2025 ኣብ መበል 38 ኣኼባ መራሕቲ ኣፍሪቃዊ ሕብረት ዝካየድ ምርጫ ኣቦ-መንበርነት ኮሚሽን ኣፍሪቃዊ ሕብረት፡ ደምጽን ደገፍን ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንምርካብ ከምዝኸደ ሓቢሩ።

ካብ 2008 ክሳብ 2013 ቀዳማይ ሚኒስተር ኬንያ ኮይኑ ዘገልገለ ሚኒስተር ራይላ ኦዲንጋ፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ንኣቦ-መንበርነት ኮሚሽን ኣፍሪቃዊ ሕብረት ዝወዳደር ዘሎ ፍሉጥ ኬንያዊ ፖለቲከኛ እዩ።

# ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ዋዕላ ምምካት ምድረበዳነት መደረ ኣስሚዑ

ካብ 2 ክሳብ 13 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ሪያድ - ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝቃነዕ ዘሎ መበል 16 ዋዕላ ሕቡራት ሃገራት ንምምካት ምድረበዳነት ዝሳተፍ ዘሎ ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ሰሩዕ ኣኼባ ‘ሽማግለ ገምጋም ትግባረ ውዕል ምምካት ምድረበዳነት’ መደረ ኣሰሚዑ።

ኑቲ ልኡኽ ዝመርሕ ዘሎ - ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስተንሽን ኣቶ ሰመረ ኣምሌሶም፡ ኤርትራ ኣብ ምምካት ኣዕናዊ ሳዕቤናት ምድረበዳነት፡ ምድኻይ መሬትን ደርቕን ተተግቢሮ ዘላ ስትራተጅያዊ መደባትን ዘለዋ ተወፋይነትን ብዝርዝር ኣቕሪቡ።




ኣቶ ሰመረ፡ እቶም ተበግሶታት - ምምዕባል ሚሊታትን ወጥንን ንምቕላል ሳዕቤናት ደርቂ፣ ምስፋሕ ፕሮግራማት ዕቀባ ማይ፣ ምድንፋዕ መደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምግራብን፣ ምሕያል ኣገልግሎታት ሜትዮሮሎጂ፣ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ክእለታትን፣ ከምኡ’ውን ምትርናዕ ተሳትፎ ህዝብን ኩሉም መሻርኽቲ ልምዓትን ከምዝጠቓልሉ ገሊጹ።

ንኣድላይነት ምብጋስ ፕሮጀክትታት ወሀድ ምሕደራ ባህርያዊ ሓደጋታት ኣብ ኩሉ ዞባታት ሃገርና ጠቒሱ ድማ፡ ኤርትራ ምድኻይ መሬት ንምግታእን ንምርጋእን ዝኣተወቶ ወሰንታዊ መብጽዓ፡ ጉዲ-ጉዲ ዓለምለኻዊ ሸቶታት ዘላቒ ልምዓት ብዕቱብ ትሰርሓሉ ምህላዋ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ሰመረ፡ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ነዊሕን ሓጺርን መደባት ምምካት ምድረበዳነት ኣውጺኡ፡ ልምዓት ተምሪ ኣብ ገማግም ባሕርን ኣብ ከበቢኡ ዝርከብ ቦታታትን ብንጥፈት ይሰርሓሉ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣብ’ቲ ኣብ ምምካት ጸልዋታት ደርቂ ኣተኩሩ ዝካየድ ዘሎ ዋዕላ፡ ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ናይ’ቲ ውዕል፣ ርክባት ‘ሽማግለ ገምጋም ትግባረ ውዕል ምምካት ምድረበዳነት’፣ ኣኼባታት ሽማግለ ስነ-ፍልጠትን ቴክኖሎጅን፣ ከምኡ’ውን ኣብ ኣገደስቲ ጉድናዊ ኣኼባታትን ርክባትን ብንጥፈት ይሳተፍ ከምዘሎ፡ ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓቢሩ።

# ኣቑርደት - ብቕዓት ተመሃሮ ክብ ንምባል ዝዓለመ ዘተ ተኻዪዱ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ ምስ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ተወሃሂዱ፡ ብቕዓት ተመሃሮ ብሓፈሻ ወጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ድማ ብፍላይ ክብ ንምባል ዝዓለመ፡ ወለዲ፡ መምህራንን ተመሃሮን ዝተሳተፍዎ ዘተ ኣብ ኣቑርደት ኣካዪዱ።

ኣብ’ቲ ጨንፈር ሓላፊ ሞያውን ተክኒካውን ስልጠናታት መምህር መሓመድ ሓሰን ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ጠንቂ ድኽመት ተመሃሮይ ካብ’ታ ዝወፍረላ ቤት ክፍሊ ክፍሊ ተኸእሎ ስለዘሎ፡ ወለዲ ንደቆም ዘሰኽምዎ ሓላፍነት ኣብ ዘፈጥሮ ተጽዕኖ ኣደህቦ ክገብሩ፣ ከምኡ’ውን ዕለታዊ ምክትታል ክገይዱን ምስ መምህራን ብቐጻሊ ክላዘቡን ከምዝግብኦ ኣብሪሁ።

ጠንቂ ድኻም ተመሃሮ ንምልላይ ካብ ዝተማዘዙ - መምህር ዮናስ ግርማጽዮን ኣብ ዘቕረቦ ጽብጻብ፡ 50 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ኣብ ዝርከብኦም ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ግዜ ዝተረፉ 625 ተመሃሮ ብዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ እቲ ጠንቂ ካብ መበኢታ ዝቕል ኮይኑ ከምእተረኽበ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ብኣደ-ወሰናም ዘበኮርዎ ከይኣከሉ፡ ናብ መምህራን ደዊሎም ደቆም ካብ ትምህርቲ ንኸበኩሩ ፍቓድ ዝሓቱ ወለዲ ከምዘለዉ፣ እዚ ድማ ተወሳኺ ዕማም ይህብዎም ከምዘለዉ ዘመልክት ስለዝኾነ ክውገድ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ሓሳባት ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ተመሪጻ ዘላ ኮሚቴ ወለዲ ምክትታላን ምቁጽጻራን ክተሐይል ተማሕጺኖም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ተሳታፍነት ሕብረተሰብ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ምሕያል ማለት፡ መጻኢ ዕድል ወለዶታት ምውሓስ ስለዝኾነ፡ ዝርኣ ድኽመት ተመሃሮ ንምፍዋስ ተራ ኩሎም መሻርኽቲ ክሕይል ጸዊዑ።

# ደቀምሓረ - ኣመሓደርቲ ከባቢ ንምምራጽ ጎስጓስ ይካየድ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ኣብ’ዚ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ 18 ምምሕዳራት ከባቢ ንዝካየድ ምርጫ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ኣተባብርትን፡ ጎስጓስ ይካየድ ኣሎ።

እቲ ጎስጓስ፡ ንዕላማ’ቲ ምርጫን ቅጥዕታቱን፡ ከምኡ’ውን ንመስርሕ ምርጫን መረጽቲ ክኽተልዎ ዝግብኦ ኣገባባትን ዘብርህ’ዩ።

ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ የማነ ኣበራ፡ ህዝቢ ኑቲ ሓበሬታ ብግቡእ ተረዲኡ ክጥቀመሉ፣ ከምኡ’ውን ብተወፋይነት ዘገልግልዎን ዝውክልዎን ክመርጽ ተላቢዩ።

ዜና

# ጋሽ-ባርካ - ኣብ ምሕደራ ሰነዳትን መዛግብትን ዘተኰረ ስልጠና ተወዲቡ



ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣብ ዕማማቱ ጽፈትን ኣሰላጦን ንምውሳኽ ብዘወሰዶም ዘሎ ተበግሶታት፡ ካብ 25 ክሳብ 30 ሕዳር ንኣባላቱ ኣብ ምሕደራ ሰነዳትን መዛግብትን ዘተኰረ ስልጠና ወዲቡ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ገብረስላሴ ነጋሽ፡ ስልጠንቲ ካብ 16 ንኡስ ዞባታት ዝተዋጽኡ 44 ጸሓፍትን ዓቀብቲ መዛግብትን ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ኣገባብ ምሕደራ ሰነዳትን መዛግብትን፡ ምውዳብን ምቁጽጻርን ሰነዳት፡ ዕቃበን ክንክንን ሰነዳትን መዛግብትን፡ ኤሌክትሮኒካዊ ሰነዳትን ኣገዳሲነቱን፡ መሰርሕ ምምዕጋምን ምውጋንን ሰነዳትን ምሕደራ መዛግብትን ዘጠቓልል ትምህርቲ ከምዝቐሰሙ ገሊጹ።

ወከልቲ ተመረቕቲ ብወገኖም እቲ ብኣባላት ማእከል ምርምርን ሰነዳን ህግደፍ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ንዝጸንሖም ድኽመት ኣፍልጦ ኣብሪሁ፡ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ኣብ ስርሖም እወታዊ ለውጢ ንኸምጽኡ ከምዝሕግዞም ኣፍሊጦም።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ድማ፡ እቲ ስልጠና ኣካል ናይ'ቲ ዓቕሚ ኣባላት ብምዕባይ ስሉጥን ጽፉፍን ኣገባብ ኣሰራርሓን ምሕደራን ንምስፋን ዝውሰዱ ዘለዉ ተበግሶታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ስልጠንቲ - ምስጢራውነት ስራሕ ብምዕቃብ ኣብ ኣተሓሕዛ ሰነዳትን መዛግብትን ዕቱብ ክኾኑ ኣተሓሳሲቡ።

# ሓልሓል - ተራ መንእሰያት ኣብ መደባት ልምዓት ክብ ንምባል ተዘትዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል፡ ተራ መንእሰያት ኣብ መደባት ልምዓት ክብ ንምባል፡ ኣካላት መንግስቲ፡ ግንባርን ሕብረተሰብን ዝሳተፍዎ ኣኼባ ዘተ ንምዕዛዝ ዝዓለመ ዘተ፡ ብ4 ታሕሳስ ተኻዪዱ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ሰናይት ገብረእግዚኣብሄር ኣብ ዘቕረበቶ ቃል፡ መንእሰያት ኣብ ዝሓለፈ ድኽመታት ብሓደ ልቢ ኣብ ዘሎ ቃል ዝሓለፉ ብምባል ... ብሓደ ሓሳብ ወልፊ ዘሎ ቃል ውሳብ ሓይሊ ስለዝኾኑ፡ መንእሰያት ካብ ሓደ ዝመጽእ ሽግራት ካብ ልዕሊ ብዝሓ ንቕሓቶም ኣብሪሆም ዝ.ኢ ... ደገፍ ክዛይዱ፡ ከምኡ'ውን ንኣብነታውያን ተመሃሮ ከተባብዑ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሃማመተኤ ቀዳምነታቱ ሰሪዑ፡ ነቲ ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ስራሕ





መሻርኽትን ሸማግለ ኣዕሩኽ መንእሰያትን ተወሃሂዱ ዘውድቦ መደባት፡ ስልጠናታት፡ ኣስተምህሮታትን ሰሚናራትን ዝያዳ ኣደኺሙ ገይሩ ከምዝሰርሓሉ በሪሁ።

ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ስሌማን ዑመር ብወገኑ፡ መንእሰያት ወረስቲ ታሪኽን ተሰከምቲ ሕድርን ክኾኑ ዝሰላሰል መደባት ኣድማዕነት ንኽህልዎ ብሓደ ልቢ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓልሓል ኣቶ ግርማጽዮን ኣብርሃ ድማ፡ መንእሰያት ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ብምብራኽ ኣብ ህንጻውን ልምዓታውን መደባት ብዝሓፈሸ፡ ኣብ ምዕቃብ ክብርታት ሕብረተሰቦም ድማ ብፍላይ መሪሕ እጃም ክህልዎም ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ መደባት ምጥርናፍ ዓድታት፡ ኣቓልቦ ክወሃቦ፡ ሕጽረት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክማላእ፡ ከምኡ'ውን ንመንእሰያት ማእከል ዝገበረ መደባት ልምዓትን ህንጸትን ክድንፍዕ ዝብል ለበዋታት ቀሪቡ።

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ብሞያ ዘሰልጠኑ ሰራሕተኛታት ተመሪቖም

ሃብሳኤ ጨንፈር ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ብዝብርን ክልሱ-ሓሳባትን ተደጊፉ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብሞያ ዘሰልጠኖም 58 ደቂኣንስትዮ ዝርከብዎም 80 ሰራሕተኛታት ዝተፈላለያ ትካላት፡ ብ28 ሕዳር ኣብ ከተማ ዓሰብ ተመሪቖም።

እቲ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ሕሳብ፡ ምሕደራን መራሕነትን ዘጠቓለለ ስልጠና፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ክብ ብምባል ብቐዓትን ጽፈትን ስራሕ ንምርግጋጽ ከምዝኾነ፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ሑሴን ኻልድ ገሊጹ።

ወከልቲ ተመረቕቲ ብወገኖም ዝቐሰምዎ ሞያ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ኣብርክቶ ከምዝለዎ ብምጥቃስ፡ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ብቐጻሊ ክውደብ ተላብዮም።

# ከርከበት፡ ግብሪ ኣብ እዋኑ ክኸፈል ጻውዒት ቀሪቡ

ሓረስቶት፡ ወነንቲ ጥሪትን ነጋዶን ዝግብኦም ግብሪ ኣብ እዋኑ ክኸፍሉ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ከርከበት ኣቶ ዓብደልከሪም እድሪስ ጸዊዑ።

ምስኡ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ "ግብሪ ዘይተርፍ ግቡእ'ዩ" ዝበለ ኣቶ ዓብደልከሪም፡ ዜጋታት ኣታዊታቶምን ቀጽሪ ጥሪቶምን ኣፍሊጦም፡ ከይተደራረቦም ክኸፍሉ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ሳላሓዲን መሓመድ-ጀምዕ ብወገኑ፡ ብፍላይ ነጋዶ ናይ ንግዲ ፍቓድ ከማልኡን ክሐድሱን ከምዝሕተቱ ተገንዚቦም፡ ሰነዳቶም ክጸፍፉ ኣተሓሳሲቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ብዝተዋህቦም መምርሒ ተቐዪዶም ክዕጥቁ ቅሩባት ምዃኖም ብምርግጋጽ፡ ክፍሊት ግብሪ ኣብ እዋኑ ክማላእ ምእንቲ፡ ቀጻሊ ገስጋሳትን ሓበሬታን ክወሃብ ተላብዮም።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሳኤ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ኣስማጥ - ዕለቱ ዝወደቐ ሃለኽቲ ተቓጺሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ፡ ኣብ ትካላት ንግድን ወሃብቲ ኣገልግሎትን ብዝተገብረ ስሩዕ ናይ ምቁጽጻር ስራሕ ዝተረኽበ ናይ ተጠቃምነት ዕለቱ ዝወደቐ ሃለኽቲ፡ ብ30 ሕዳር ተወጊዱ።

እቲ ብኮሚቲ ቁጽጽርን ስርዓትን ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኣሮታ፡ ሽጋለ፡ ሃወሸ፡ እምባልዓይን ኣሱዳን ዝተረኽበ ሃለኽቲ፡ ዘይቲ፡ ሽኮር፡ ማስቲካ፡ ማገን፡ ፋፋን መጸጸይን ከምዘጠቓልል፡ ወከል ኢሪና ሓቢሩ።

ነቲ ንብረት ዝሓዘን ካልእ ጉድለት ዝጸንሐን ትካላት ድማ ሕጋዊ ስጉምቲ ከምዝተወስደሎም፡ ኣባል ኮሚቲ ቁጽጽርን ስርዓትን ኣቶ ዑመር መሓመድ-ዓሊ ገሊጹ።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት መንእሰይ ዓብደላ ሙሳ ብወገኑ፡ ብፍላይ ምስ መጠን ዝተሓላለፈ ሃለኽቲ ሃገራት ዕለቱ ምስ ዝሓልፍ ኣብ ጥዕና ዘስዕቦ ሃሰያ ከቢድ ስለዝኾነ፡ ነጋዶ ሓላፍነታውያን ክኾኑ፡ ተጠቀምቲ ድማ ዕለት ርእዮም ክዕድጉ ተላብዩ።



ሽባብ
ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቂምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ. 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ወላድኘ 'ሃካይ' ዝተባህለ ውሉድኘ

ደዋሊት፤ ሄለው ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ድዩ?

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ ኣለኺ. መን ክብል? ካበይከ ትድውሊ ኣለኺ.?

ደዋሊት፤ ስመይ ደናዩት እበሃል። ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ሰለስተ ቈልዑን'የ። ሰለስቲኦም ደቀይ ኣወዳት'ዮም። እቲ በኹሪ ወደይ ወዲ 12 ዓመት ክኸውን ከሎ፡ ካልኦት ድሕሪኡ ዘለዉ ደቀይ ድማ በብናይ ሰለስተ ዓመት ፍልልይ ዝተወልዱ'ዮም። ናይ ጓል ምውላድ ድሌት እኳ እንተ ነበረኒ፡ ጓል ክብል ልዕሊ ዓቕመይ ከይወልድ ኣምላኽ ንዕኦም ይባርኸለይ ኢለ ምውላድ ኣቋሪጸየ። ብዝኾነ ግና ሕጂ መደወልየይ ምኽንያት እቶም ክልተ ንኣሽቱ ደቀይ ንፉዓት እኳ እንተ ኾኑ፡ እቲ ቀዳማይ ወደይ ግና ኣይግድን'ዩ። ባህሪኡ ከመሓይሽ እንታይ ትሕግዙኒ ክብል ኢለ'የ ደዊለ።

ኣማኻሪ፤ ኣይግድን ክትብሊ. ከለኺ. እንታይ ማለትኪ'ዩ?

ደዋሊት፤ እቶም ካልኦት ብስራሕ ትጉሃት ክኾኑ ከለዉ፡ ዳንኤል ወደይ ግና ኣዝዩ ሃካይ'ዩ። ብፍጹም ስራሕ ኣይፈቱን'ዩ። ሓንቲ ስራሕ እንተ ሂብካዮ ዓመት'ዩ ዝገብር። ምናልባሽ ሓቂ ክነግረካ፡ ከም'ቶም ንኣሽቱ ኣሕዋቱ ቈልዑ እንተ ኾነ ኢለ ድግድግ'የ ዘብሎ። ግና ኣይሰምዕን'ዩ።

ኣማኻሪ፤ እዚ ባህሪ'ዚ ካብ መዓስ ኢኺ. ኣስተብሂልክሉ?

ደዋሊት፤ ካብ ብዓንቶቦኡ ብዙሕ ንፉዕ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ብዝበለጸ እዚ ናይ ትህኪት ባህሪ ዘስተብሃልክሉ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት'ዩ።

ኣማኻሪ፤ እዚ ባህሪ'ዚ ምስ ኣስተብሃልኪ፡ ኣተሓሕዛኺ. ከመይ ነይሩ? ማለተይ ብኸመይ ትገልጽሉ ኔርኪ.?

ደዋሊት፤ እንታይ ደኣ ክብሎ? "ሃካይ" እብሎ እምበር።

ኣማኻሪ፤ ርኢኺ. ኣለኺ. ዳናይት፡ ምዕባለ ደቅና በብደረጃኡ ይለዋወጥ'ዩ። ኣብቲ ፋልማይ ዕድመ፡ ብዝበለጸ ምስ ወለዶም ከሕልፉ ይፈትዉ እንተ ነበሩ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዕድመ ምስ ሰገሩ ድማ ካብቲ ምስ ወለዶም ከሕልፍዎ ዝደልዩ ንላዕሊ. ምስ መዛንኦም ወይ መማህርቶም ከሕልፉ ዝያዳ ይሃርፉ። ድሕር'ዚ ግዜ'ዚ ንገዛእ ርእሶም ከም ብቑዓት ስለ ዝግንዘብዋ፡ ብባዕሎም ጥራሕ ክውሰኑ ይደልዩ። እዚ ኵሉ ምስ ሓለፈ እቲ ምስ ወለዶም ዝነበሮም ዝምድና እናተመልሰ ይመጽእ። ስድርኦም ይናፍቑን ኣብ ጐድኖም ክኾኑ ይደልዩን። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ድማ ኵሉ ደረጃታት ዕብየት ደቅና ብደቂቕ እናኣስተብሃልና እቲ ከም ወለዲ ንደቅና ክንቀርጾምን ክንምህሮምን ዘለና ዕላማ ከነቋርጽ ኣይግብኣናን። ከም ወለዲ ኣብ ደቅና ክንገብሮ ዝግብኣና ናይ ምፍቃር ዕላማን ጽባሕ ክኾኑንዎ እንደልዮም ባህሪ ኣብ ምህናጽን ከየባተኽና ክንጽዕት ኣለና። ካብ ኵሉ ግና ኣብ ውሽጢ'ዚ ናይ ደረጃታት ለውጢ ንደቅና ኩነንቲ ክንከውን ኣይግብኣናን።

ደዋሊት፤ እቲ 'ምስ ወለዱ ዘሕልፎ ደረጃ ዕብየትን ምስ መዛንኡ ዘሕልፎ ደረጃ ዕብየትን' ዝበልካዮ ብንጹር ኣይተረድኣንን ዘሎ እሞ ከተብርሃለይዶ?

ኣማኻሪ፤ ኣብ'ዘን ቀዳሞት ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ሸውዓተ ዓመታት ምናልባሽ'ውን ሸሞንተ፡ ወለዶም ዘበልዎም ነገራት ክሰምዑን ክገብሩን'ዮም ቀዳምነት ዝህብዎ። እዚ ዕድመ'ዚ፡ ብገሊኦም ምሁራት ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ይበጽሕ ምኻኑ ይዛረቡ። እቲ ቀንዲ ክትኮረሉ ዘለዉ ኣበየናይ ዕድመ'ዩ እቲ ትኽክል ምባል ዘይኮነስ ኣብ ዝተወሰነ ዕድመ ለውጢ ከም ዝገብሩ ግናዛበ ምሃብ'ዩ። በዚ መሰረት፡ ቀዳማይ ድሌቶም ብኸመይ ወለዶም ይሕጐሱ'ዩ። ኣደይን ኣቦይን ምባል ቀዳማይ ባህጎም'ዩ። ካብዚ ደረጃ ዕድመ ምስ ሰገሩ ግና ብኸመይ መዛንኦም የሐጐሱ'ዩ ቀንዲ ድሌቶም። ንስኺ. ልኢኽክዮ ካብ ምኻድ፡ መዘንኡ ኣካዩደኒ ምስ በሎ ምስኡ ምኻድ ይመርጽ። ደቂ ገዛውቱ ኮነ መማህርቱ ከይብሉኒ ምባል፡ ካብቲ ንስኺ. ትብልዮ ንላዕሊ. የሰክፎ። ንስኺ. ዘማሙቕ ክዳን ክትሓስቢ. ከለኺ፡ ንሱ ድማ ካብ መዛንኡ ዘብልጾ ወይ ምስ መዛንኡ ዝሰርዖ ክዳን ክኸደን ይደልይ። እዚ ኵሉ ሓሊፉ ብስለት ምስ መጽአ ግና እቶም ኣቐዲሞ ዝተማህሮም ነገራት ከገናዝብ ይጅምር እሞ እቲ ኣብ ገዛ ሞዴሉ ዝነበረ ሰብ ዝመሃሮም ነገራት ክደግምን ክለማመዶን ይጅምር። ኣብዚ ክዝከር ዘለዎ ነገር ግና ኣሎ፣ ንሱ ድማ፡ እዚ ደረጃ ለውጢ ኣብ'ቶም መብዛሕቶም ቈልዑ ዝርአ እምበር ኵሎም ቈልዑ ሓደ'ዮም ማለት ከም ዘይኮነ እዩ።

ደዋሊት፤ ኣብዚኣ ግና ሓንቲ ሕቶ ክሓተካ፣ ንደቀይ እኮ ኣዝየ'የ ዘፍቅሮም፣ ኵሉ ዘድልዮም ነገራት ድማ ብማዕረ እገብረሎም'የ። ኣቐድም ኣቢልካ ግና 'ኩነንቲ ክንከውን የብልናን' ኢልካ ኔርካ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ግና ኣይተረድኣንን እንታይ ማለት'ዩ?

ኣማኻሪ፤ ኩነንቲ ክንከውን የብልናን ማለት ኣብ'ቶም እንዛረቦም ቃላት፡ ነቲ ንገንሖ ወይ ክእረም ኢልና ንቋየቖ ዘሎና ቈልዓ ንጥቀመሉም ቃላት፡ ነቲ ቈልዓ ዘተንስኦ እምበር ዘደቅሶ ከይከውን ነስተብህለሉ ማለት'ዩ። ንኣብነት ኣቐድም ኣቢልኪ. ብዛዕባ ውላድኪ. እንታይ ኢልኪ. ከም ትገልጽዮ ምስ ሓተትኩኺ፡ "'ሃካይ' እብሎ እምበር፡" ኢልኪ. መሊስክለይ ኔርኪ። "ሃካይ" ዝበልክዮ ናይ ትህኪት ተግባር ስለ ዝረኣኺ'ዩ። እዛ "ሃካይ" ትብል ቃል ግና ነቲ ቈልዓ ኣብ ናይ ትህኪት ባህሪ የእትያ ኵሉ ግዜ ብትህኪት ክነብር'ያ ትኾንኖ። "ሃካይ" ዝብል ቃል ናይ ባህሪኡ ቀንዲ መግለጺ. ገይሩ ይወስዶ እሞ ቀጺሉ ዝመጽእ ባህሪኡ ሃካይ ምዃን'ዩ። ናቱ ውሁብ መግለጺ. ገይሩ እንተ ወሲድዎ ድማ ንለውጢ. ዝኸውን ሓሳብ ከይመጽኦ ክዕገት ይኽእል'ዩ። ብዛዕባ ትህኪት ደኣ ንዛረብ ኣለና እምበር ከም ሕማቕ፡ ድርባይ፡ ጓሓፍ፡ ሰነፍ፡ ዘይረብሕን ካልኦት ኩነንቲ ቃላትን እንተ ርኢና ድማ ንቈልዓ ኣዝዩ እዩ ዝጐድኦ። ከም ዘይትንስእ ገይሮም ድማ ከምቲ ዝተባህሎ ክነብር ይድርኾዎ።

ደዋሊት፤ ብሓቂ ዘበልካዮ ነገራት ተረዲኡኒ ኣሎ፡ ግና የሕርቐካ እንድዩ። ንስኻ ዘይምሱል መሲልካ፣ ላዕልን ታሕትን ኢልካ፣ ተዋሪድካ ከተዕብዮም እናጸዓርካ፡ ከምቲ ትደልዮም እንተ ዘይኰይኖም ብሓቂ'ዩ ዘጉህየካ። ብዝኾነ ግና እንታይ'የ እሞ ክብሎም። ደሓር ከኣ ካብ ልበይ ኣይኰንኩን እኮ ዝብሎም፣ ደይ ኣብ ኣፈይ ዝጸንሓኒ'የ ዝዛረብ። በቲ ዘርእዮም ሓቀኛ ናይ ኣደነት ባህርየይከ ክርእዩኒዶ ኣይምተገብአን?

ኣማኻሪ፤ ደናዩት ነዛ ዘቐረብክለይ ሕቶ ብኽልተ ገጻት ክንርእያ እደልይ። ብቐዳምነት ብዛዕባ'ቲ ዝገበርክሎም ነገራት ዘርዚርክለይ ኔርኪ። እዞም ኵሎም ዝገለጽክዮም ተግባራት ጻዕርኺ፡ ንዓኽን ከምቲ ናትኪ. ዕድመን ብስለትን ዘለዎም ወለዲ ጥራሕ'ዩ ዘዕግብ። እዞም ጻዕርታት'ዚኦም ንዕኦም፡ ከም ግቡእኪ. ዝገበርኪ.'ዮም ዝረኣይዎም። ከምኡ ዝብል ውሉድ ኣይህሉን ይኸውን እምበር፡ "ዘድልየኒ ዘይትገብርለይ እንተ ኼንኪ. ስለምንታይ ወሊድክኒ?" ምበሉ ነይሮም። ኣብቲ ዳሕራይ ግዜ በዚ ተግባራት'ዚ ዝሕበኑን ዘመስግኑን እኳ እንተኾኑ፡ ኣብዚ ናይ ቍልዕነት ዓመታቶም ግና ብኽንድ'ቲ ንስኺ. ዝገለጽክዮ ዕምቈት ከስተውዕልዎ ኣይክእሉን'ዮም። ስለዚ፡ ካብ ምግላጾም በቶም ትገብሮም ዘለኺ ተግባራት ክሳብ ዓቕምኺ ዘፍቅዶ ንዘልኣለም ክትገብር ምቕጻል ጥራሕ'ዩ ዝሓሸ። ብኻልኣይ ገጽ ክንርእዮ ከለና ድማ ብባህሪ ናይ ደቅና ኣብ እንሓርቀሉ ግዜ ስምዒትና ምውጻእ ቀዳምነት ክንህቦ ዝግብኣና ነገር ኣይኮነን። ብዘይካ'ቲ ስምዒትካ ብምህራም ከተውጽእ ከለኻ ከተሰዕቦ ትኽእል ኣካላዊ ሃሰያ፡ ብቓላትካ ጌርካ'ውን ብዙሕ ዕንወት ከተብጽሕ ትኽእል ኢኻ እሞ ስምዒትካ ምግታእ ወሳንን ኣገዳስን'ዩ። ከም ወለዲ ስምዒትና ንምግታእ፡ ነቲ ዘጉደልዎ ጉድለት ካብ ነስተብህለሉ እቲ ጽባሕ ክኾኑንዎ ንደልዮም ባህርያት ምቕዳም ዓቃላት'ዩ ዝገብረና። ኣብ ርእሲ'ዚ ክብሎ ዝጸናሕኩ ድማ ኣቐድም ኣቢልኪ. "ኣብ ኣፈይ ዝጸንሓኒ እየ ዝዛረብ ዘለኹ እምበር ካብ ልበይ ኣይኮንኩን፡" ዝብል መግለጺ. ሂብክኒ ኔርኪ። ኣፍና ኣብ'ቶም ንገብሮም ነገራት ንላዕሊ. ኣዝዮም ወሰንቲ ምዃኖም ክንዘንግዕ የብልናን። 'መልሓስ ዓጽሚ የብላና፣ ዓጽሚ ግና ትሰብር' ክበሃልዶ ሰሚዕኪ. ትፈልጢ.?

ደዋሊት፤ እወ ሰሚዐ ኣለኹ።

ኣማኻሪ፤ ንስኺ. ንውላድኪ. ክሳብ ዓጽሚ ዝሰብር ዘረባ ኣይተዛረብክን ትኾኒ፡ ናይ ቃላት ማለት ናይ ኣፍ ነገር ግና ክብደቶም ክሳብ ክንድኡ'ዩ። በዚ መሰረት ኣብ'ቶም ንዛረቦም ቃላት መረጽቲ ክንከውን ልቦና'ዩ። ኣብ ክንዲ ሃካይ ኢልና ንውላድና ንገልጾ፡ ስለምንታይ ናይ ትጉሃት ስራሕ ዘይትገብር እንተ ተባህለ ዝሓሸ'ዩ። ኣብ ክንዲ ሕማቕ ኢልና ንጸርፎ፡ ናይ ንፉዓት ስራሕ እንዶ ስራሕ ምስ እንብል ብዝሓሸ ደረጃ ኣድማዕቲ ክንገብሮም ንኽእል። ንደቅና ኣሉታዊ ባህሪ ብዝገልጹ ቃላት ካብ እንእርሞም ብእወታ ዝግለጹ ባህርያት ከነሰርጸሎም እቲ ዘበለጸ እዩ። ካብ ጸርፊ ዝርከብ ረብሓ ዋላ ሓደ ስለ ዘየለ ንዘይምጽራፍ ክንጽዕርን ዘተባብዕ ቃላት ጌርካ ምእራሞም'ዩ ዝሓሸ።



ደዋሊት፤ ሓደ ነገር እንዲኻ ኣዘኪርካኒ። ካብ ዝገርመካ ነገር ኣቦይ ተጻራፊ ኣይኮነን፣ ኣዝዩ ዓቃል ኣቦ'ዩ። ይኹን ደኣ እምበር እንታይ ከም ዘበደልኩ ኣይዝክሮን'የ ግና እታ ኣብ ከባቢ. ጓል 10 ዓመት ከለኹ "ስዲ" ኢሉ ዝጸረፈኒ ብፍጹም ኣይረሳዕክዋን። ድሕሪኡ እኳ ዘይደገማ እንተ ኾነ፡ እታ ዝጸረፈኒ ጸርፊ ግና ምሳይ ኣላ። ስለዝስ ሓቅኻ ኢኻ፣ ኣብ ቃላትና ብርቱዕ ጥንቃቐ የድልየና'ዩ። እሞ ናብቲ ናይ መጀመርያ ሕቶይ ክመልሰካ። ነዚ ናይ ሃካያት ስራሕ ዝሰርሕ ዘሎ ወደይ ክልውጦን እቶም ካልኦት ደቀይ ድማ መንፋዓቶም ክቕጽል እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ኣማኻሪ፤ ብቐዳምነት ከምዚ ደጋጊምና ክንብሎ ዝጸናሕና ቀዳምነት ለውጢ. ኣብ ኣተሓሕዛናን ኣዘራርባናን ምዃኑ ክንርስዕ የብልናን። ብምቕጻል ድማ እዚ ውሉድ'ዚ ጽቡቕ እንተ ገበረ፡ ውላድኪ፣ ሕማቕ እንተ ገበረ ድማ ውላድኪ'ዩ። ስለዚ. ምፍቃርኪ. ከም ዓሰቢ. ጽቡቕ ተግባሮም ኣይትግበርዮ። ኵሉ ግዜ ከተፍቅርዮም ከም ዘለኪ. ጥራሕ ሕሰቢ። ምስ'ቶም ትሕቲኡ ዘለዉ ቈልዑ ድማ ኣይተወዳድርዮ። ማለት "እገለ ሓውኻ ክነፍዕ እሞ ርኣዮ!" ዘይኮነስ ምስ ነብሱ ጥራሕ ከተወዳድርዮ ፈትኒ። ነቲ ጽቡቕ ብልጭኡን ነቶም ኣብ ለውጢ. ዘርእዮም ምልውዋጥ ናይ ባህርን ኣስተብሂልኪ. ኣድንቕዮም። ጌጋታቱ ድማ ብንጹር ክእረም ከም ዘለዎ ብግህዶ ኣዘራርብዮ። ኣርኣያ ምዃን ድማ ኣድማዒ ናይ ለውጢ. ኣገባብ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ከየባተኽኪ. ናይ ትጉሃት ስራሕ ኣርእዮ። ተደጋጋሚ ጉድለት ምስ ዘርኣየ ድማ ነቶም ዝፈትዎም ረብሓታት ከም ዝስእኖም ብምግባር ምቕጻዕ ይከኣል'ዩ።

ደዋሊት፤ ናይ ብሓቂ ባህ ኢሉኒ። ብዙሕ ጉድለት ከም ዘለኒ'ውን ኣስተብሂለ። ስለዚ፡ ንነብሰይ ኣስተኻኺለ ኣብ ደቀይ ተወሳኺ. ወፍሪ ክገብር'የ። ስለ'ቲ ግዜ ሂብካ ክንድ'ዚ ዝኣክል ናይ ምኽሪ ሓሳባት ክትህበኒ ዝጸናሕካ ብዙሕ ኣመስግነካ።

ኣማኻሪ፤ ኣብ ቀጻሊ. ዘስተብሃልክሎም ለውጥታት ደዊልኪ. ምሕባር ኣይትረስዒ። ብሓፈሻ ግና ለውጢ. ክመጽእ ከም ዝኽእል ኣሚንኪ. ንለውጢ. ግዜ ሂብኪ. ክትዓዪ ከም ዝግብኣኪ. ኣይትረስዒ። ቻው!

ደዋሊት፤ ሕራይ ከምኡ ክገብር'የ። ቻው።

# ፍረ ጸዕሪ

ሕርሻን መግብን

ብርሃነ ዓንደመስቀል

# ዓለም ለኻዊ መዓልቲ ፍርያምነት ሓመድ

## ‘ሓመድ ንምክንኻን ነመርምር፡ ንከታተል፡ ነመሓድር’

ዓለም ለኻዊ መዓልቲ ፍርያምነት ሓመድ ‘ሓመድ ንምክንኻን፡ ነመርምር ፡ንከታተል፡ ነመሓድር’ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብደረጃ ሃገር ንፈለማ እዋን ብ5 ታሕሳስ ተዘኪሩ ውዒሉ።

ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ኣብ ኣዳራሽ ሆቴል ማይ ነፍሒ ዝተኻየደ ጽምብል ሓላፊ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ኣቶ ጸጋይ ብርሃነ ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ 95% መግብና ካብ ሓመድ ከም ዝፈሪ፡ ናይ 3 ሴንቲሜተር ቀጸላ ሓመድ ንኽቐውም ኣስታት ሓደ ሽሕ ዓመት ከም ዝወስደሉ ብምግላጽ ኣስታት 58% ካብ ዓለም- ለኻዊ ፍርያት መግቢ ዘላቒ ምሕደራ ካብ ዝግበረሉ ሓመድ ክፈሪ ከም ዝኽእል ኣብሪሁ።

ኣቶ ጸጋይ ኣስዒቡ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 32 ዓመታት ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ካብ ዘሰላሰሎም ንጥፈታት ኣብ ቅምሶታት ሓመድን ማይን ከምኡ እውን ድሩቕን ፈሳስን ዱኹዒ ምርምራዊ ስርሓት ኪካየድ እንከሎ፡ ካብ ዓመተ 1999 ክሳብ 2024 ኣብ ዝዝርጋሕ ጊዜ ካርታ ዓይነት ሓመድ ናይ 50 ሽሕ ሄክታር ብምውዳድ ከም ዘቕረበ ገሊጹ።



ኣቶ ጸጋይ ብርሃነ

ንቤት ጽሕፈት ውድብ መግብን ሕርሻን ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ወኪሉ መደረ ዘስምዔ ኣቶ ተድሮስ ሰለሙን ብወገኑ፣ ጥዕናኡ ዝተዓቐበ ሓመድ መሰረት ውጽኢታውያንን ዘለቕትን ሕርሻ ከም ዝኾነ ብምጥቃስ ኣብ ምርግጋጽ ጥዕና ሓመድ ዘነጻጸረ ሜላ ምሕደራ ጸጋታት ሓመድ፡ ሓረስቶት ምስ መሬቶም ተሰማሚዖም ደኣ እምበር ብዋጋ ዘላቕነት መሬቶም ንኸይሰርሑ ከም ዘኽእል ሓቢሩ።

ኣቶ ተድሮስ ኣስዒቡ፣ ሓመድ እቲ ዝለዓለ ደረጃ ብዙሕነት ህይወታውያን ዝውንን ኩይኑ ኣዝዩ ምስጢራዊ ስርዓተ ማሕድሮ ብምዃኑ ድማ ሓደ ነጥቢ ሰብዓን ሓሙሽተን (1.75) ሚልዮን ታህዋስያን ሓመድ ጥራይ ተጸኒዖም ከም ዘለዉ ብምጥቃስ ቀጻልነት ዓለምና ኣብ ምስጢራት ሓመድ ከም ዝምርኮስ ድማ ገሊጹ።

ኣብቲ ዝተኻየደ ዝኽሪ፣ ብዛዕባ ክንክን ሓመድ፡ ገምጋም ምሕደራን ክትትልን ጥዕና ሓመድ፡ ጽልዋ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ምድንፋዕ ፍርያምነት ሓመድ፡



ኣቶ ቴድሮስ ሰለሙን

ምቊጽጻር ብጨዋምነት ዝተጠቕዑ ሓመድ፡ ኣገዳስነት ላቦራቶሪ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ሓመድ፡ ጽልዋ ባህርያዊ ድኹዒ ኣብ ምድንፋዕ ኣፍራይ ሑጻዊ ሓመድ ንምውሓስ ዝጻወቶ ተራ ኣብ ዝብሉን ካልኦትን ዝቐረቡ ወረቓቕቲ ተዘትዩሎም።

ኣብ መወዳእታ ናይቲ ዝኽሪ ተሳተፍቲ ካብ ዘቕረብዎ ሕቶታትን ለበዋታትን፣ ሓመድና ብግቡእ ንምዕቃብ ጨናፍር ላቦራቶሪታት ኣብ ዞባታት ኪኽፈታ፡ ኣየናይ ሓመድ ነየናይ ዘርኢ ከም ዝሰማማዕ ብንጹር ክፍለጥ፡ ካብ ገረብ ዝረግፍ ኣቑጽልቲ ኣብ ምዕቃብ ሓመድ ተራ ስለ ዘለዎ ኣድህቦ ኪግበረሉ ዝብሉን ካልኦትን ይርከብዎም።

ኣብ መዛዘሚ እቲ ዝኽሪ ኣብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ሓልሓለ ዳይረክተር ጨንፈር ምርምር ምሕደራ ባህርያዊ ጸጋታት ኣቶ ሳሙኤል በረኸት ኣብ ዘስምዖ ደምዳሚ ቃል፡ መሬት መሰረት ህይወት ወዲ ሰብ ብምዃኑ ብውሕልነትን ውሕስነትን ብምጥቃም ቀጻልነት ዘለዎ እቶታውነትን ኩነታት ሓመድ ምፍላጥን ምርምር ምሕደራኡን ተግባራዊ ንምግባር ቀጻሊ ምክትታል ኪግበር ከም ዝግባእ ኣዘኻኺሩ።



ኣቶ ሳሙኤል በረኸት

ኣብቲ ዝኽሪ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ሕርሻን መሬትን ማይን ኣከባብን፡ በዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን፡ ካብ ዞባታት ዝመጹ ኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻን እተፈላለዩ ክኢላታትን ዕዱማት ኣጋይሽን ተሳቲፎም።

ኤርትራ ብሰንኪ ድርቂ፡ ምድካይ መሬት፡ ምስፍሕፋሕ ምድረ በዳነትን ምጉዳል ስነ ህይወታዊ ብዙሕነትን ኣብ ሃገራዊ ውሕስነት መግብን ምጉዳል ድኽነትን ዓቢ ብድሆ ኣለዋ። ኤርትራ ብተፈጥሮኣዊ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣኣ ኣብ ሓውሲ- ምድረበዳነት ሰሃራ ክፋል ኣፍሪቃ ስለ እትርከብ ንደርቅን ከምኡ’ውን ነዚ ኰነታት ዘጋድድ ቀጻሊ ምቅይያር ኩነታት ኣየር ዝተቓልዔት እያ። ብመሰረት ሓርፋፍ ገምጋም ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን 2005፡ ብሰንኪ ዘይውሑሉል ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ጸጋታት፡ ንኣብነት ምብራስ ኣግራብ፡ ንምስፋሕ ሕርሻዊ ንጥፈታትን እዝተፈላለየ መዓላታትን፡ ዕንጸይቲ እቶን፡ ዘይምዕሩይ ምሕደራ ጸጋታት፡ ዘይብቑዕ ስጉምትታት ኣብ ምምጻእ ቀጻልነት ዘለዎ ምሕደራ መሬት፡ ኣብ ከበሳታት ካብ 60 ክሳዕ 100 ኲንታል ሓመድ ኣብ ዓመት ካብ ሓደ ሄክታር ኪጎድል እንከሎ ኣብ መታሕት ድማ ካብ 0 ክሳዕ 60 ኲንታል ሓመድ ኣብ ዓመት ካብ ሓደ ሄክታር ይጎድል።

ብመሰረት ኣብ ኣፍደዩ ዝተገብረ መጽናዕታዊ ምርምር ምብሕጓግ ሓመድ ኣብ ሓሙሽተ ናይ ፈተነ ቃጽያታት ብማእከላይ ገምጋም ካብ 1984 ክሳዕ 2019 ኣብ ዘሎ ጊዜ 141’7 ኲንታል ሓመድ ኣብ ዓመት ካብ ሓደ ሄክታር ጎዲሉ ተረኺቡ።

ሓመድ ንዝባን መሬት ዝሸፍን ላዕለዋይ ፎኩስ ቀጸላ እዩ። ሓመድ ዝተወሳሰበ ሕውስዋስ ናይ ማዕድናት ህይወታዊ ባእታታት ጋዛት፡ ፈሰስትን ዘይቁጸሩ ህይወታውያን ዝሓቖፈ ብህይወት ንምንባር ዝሕግዝ ንህይወት ዝቕመ እዩ።

ኩነታት ዝናብ ሃገርና ንሓጺር ጊዜ ዘዘንብ ውሁድን ሓያልን ዘይስሩዑን ዝርጋሐ ዘለዎ እዩ። ከበሳታት ሃገርና ብተዛማዲ ዝሓሸ ዝናብ ዝረክብ እኳ እንተኾነ ምስቲ ዘሎዎ ርቀት ሓመድን ዝበረሱ ኣግራብን፡ ጸዳፍን ቀላጥን ቦታታት ምስ ምዃኑ መብዛሕትኡ እቲ ዝዘንብ ማይ ብውሕጅ እዩ ዝኸይድ። ስለዝኾነ ድማ እቲ ስርጸት ማይ ናብ ከርሲ መሬት ትሑት ይገብሮ፣ ኣብ ገማግምን መታሕትን ክፋላት ሃገርና ምስ እንርኢ’ውን ድሓን ዝኾነ ድርዒ ሓመድ እኳ እንተሃለወ እተን ውሑዳት ዝርከባ ዝናብ ክራማት በቲ ዘሎ ልዑል ሙቐት ንምህፋፍ ዝተቓልዓ እየን።

ኣገዳስነት ሓመድ ኣብ ሕርሻ ንዕቤት ኣትክልቲ ይሕግዝ፡ ዘድልዮ መኣዛታትን ማይን የቕርብ፡ ንኣታኽልቲ ከኣ ምስ ሱር የተሓሕዝ። ማይ የዝፍፍ፡ ማይ ብመሬት ከተሓላልፍ እንከሎ ሓመድ የዝፍፎን የጽርዮን። ካርቦን ይዕቅብ ሓመድን ካርቦንን ብምዕቃብ ክሊማዊ ለውጥታት ይገትእን። ሓመድ ንብዙሓት ህይወታውያን ከም በዓል ፋንጋስ፡ ባክተርያ፡ ሓሳኹን ጎንድራንን መዕቀቢ እዩ። ኣብ ዑደት መኣዛታት ጥዕና ሓመድ ከኣ ኣበርክቶ ኣለዎም። መሰረት ትሕተ ቅርጺ ድማ እዩ።

ምምስራሕ ሓመድ ንልዕሊ ኣሽሓት ዓመታት ዝወሰድ ብዘገምታዊ ምቡኽባኽ ኣኻውሕን ምቅይያር ኩነታት ኣየርን ዝኽሰት እዩ። እቶም ቀንዲ ረቛሒታት ንምምስራሕ ሓመድ ድማ እቶም መሰረታውያን ኣኻውሕን ህይወታዊ ባእታታትን ኣብ ምምዕባል ሓመድ እዮም።

ብመሰረት ሓበሬታ ሃገራዊ ገምጋም ንቐጻሊ ምዕባለ ዓመታዊ ዝብሕጎግ ሓመድ ካብ መሬት ዘራእት/ሕርሻ ኤርትራ ብገምጋም ካብ ሓደ ሄክታር 120 ኲንታል ሓመድ ይበጽሕ። ብሰንኪ እዚ ዝብሕጎግ ሓመድ ከኣ እትዋት ዘራእቲ ብ 0.5 ሚእታዊት ኣብ ዓመት ይጎድል።

ረብሓታት ስርሓት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ቅርጺ መሬት የመሓይሽ፡ ምብሕጓግ ይንኪ፡ ትሕዝቶ ማይ የዕቢ፡ ስነ ህይወታዊ ብዙሕነት የማዕብል። እዚ ስርሓት እዚ ንእቶትን ፍርያምነትን ሓመድ ብምምሕያሽ ንመጻኢ ወለዶ ዕድል ዝህብን ሓድጊ ዝገድፍን እዩ።

ተመኲሮታት ስርሓት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ኤርትራ ኣወንታዊ ምዕባለ ኣብ ጥዕናን ፍርያምነት ሓመድን ዘርኢ ዘሎ እዩ። እቶም ፍሉያትን ዝውቱራትን ተመኲሮ ሃገርና ምስራሕ መደባዊ ዛላታት፡ ምስራሕ ቅናታዊ ዛላ ኣብ ኣኽራናትን ተፋሰስን፡ ምስራሕ ከትሪ ኣብ ተፋሰስን ቦታ ሕርሻን መጋሃጫን፡ ምስራሕ ከዘንቲ ማያት፡ ምትእትታው ነጽጋውን ነጠብጣባውን ልምዓት መስኖ እዩ።

ካብ ጽባሕ ናጽነት ክሳዕ 2024፡ 127 ሽሕ ሄክታር ማይ ኲያታት ተዛልዩ፡ 260 ሽሕ ሄክታር መሬት ሕርሻ ተዛልዩ፡ 4 ሚልዮን 657 ሽሕን 720 ሜትር ኩቦ ከትሪ ተሰሪሖ። መዝሓሊ ወሓዚ ማይን መደንፍዕን ትሕቲ ባይታዊ ማይን ከምኡ እውን ንምጉዳል ጽበት ናብ መኽዘን ማያት ዝኣቱን ልዕሊ 830 ንኣሽቱን ዓበይትን ከዘንቲ ማይ ተሃኒጹ።

ተመኲሮ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ሃገርና ኮም ዝሰረቱ ኲይኑ ትስፋው መጻኢ ንውሑስ ኣከባብን ቀጻልነቱን ዝሓለወ ሕርሻዊ እቶት ዝዓለመ እዩ። ኣገዳስነት ወይ ጥቕምታት ሓመድ በብዓውዱ ዝግለጽ እኳ እንተኾነ ምስ ሕርሻን ኣከባብን ብዝተሓሓዘ መልክዑ ምስ ምፍራይ ኣእካልን ውሑስ ኣከባብን ዝተኣሳሰረ እዩ። ብተወሳኺ ሓመድ ኣብ ምዕቃብን ዑደትን መኣዛታት ተኽሊ ምድጋፍ ንዕቤትን ምፍራይን ተኽሊ፡ ምእላይ ካርቦን ካብ ኣየር፡ መዕቀቢ ህይወታዊ ብዙሕነት፡ ምንቅስቓስን ምስራጽን ማይ፡ ምግታእ ባልዓት፡ ሕማማትን ጻህያይን፡ ምእላይ ጎዳእትን መርዛማትን ቀመማት ወዘተ ይሕግዝ።

ሓመድ ከም ኣገዳሲ ስርዓተ መነባብሮ፡ ኣብ ውሽጢ ዶባት ስነ-ህይወትን ኣጠቓቕማን መሬትን ምህርቲ ተኽልን እንስሳን ንምቕጻል፡ ጽሬት ማይን ኣየርን ንምዕቃብ ከምኡ’ውን ጥዕና ተኽልን እንስሳን ንምድንፋዕ ዘለዎ ተራ ዓቢ እዩ። ጥዑይ ሓመድ፡ ልዑል ባህርያዊ ትሕዝቶ፡ እኹል ትሕዝቶ ህይወታዊ ብዙሕነት፡ ልዑል መኣዛታት ተኽልን ሚዛናዊ ኣቃውማን ዘለዎ እዩ።

መሰረታዊ ድሌታትና ንመግብን ማይን ካብ ሓመድ ከም ዝጅምር ኲሉና እንፈልጦ ሓቂ እዩ። ስለዚ ኲሉና ሓመድና ንከናኽኖ፡ ነመርምሮ፡ ንከታተሎ፡ ከምኡውን ነመሓድሮ። ጥዑይ ሓመድ እንተፈጢርና፡ ጥዑይን ዘላቕን ጸጋታት መግብን ማይን ኪንረክብ ውሑስን ጥዑይን ሃዋህው ኪንፈጥር ከምኡ’ውን ኣብ ቍጽጽርን ምጉዳል ሙቑት ዓለምን ኣበርክቶ ኪንገብርን ሳዕቤናት ለውጢ ክሊማ ከነቃልልን ንኽእል።



ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662/ 07620609 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ


# ባህርያዊ ፈወሳ ጸቕጢ ኣእምሮ [1]

## ንጸቕጢ ኣእምሮ ክፍውስ ዝኽእል መድሃኒት ኣሎ ዶ?

ጸቕጢ፡ ናብ ወጣሪ ኩነታት ምስ ተቓላዕና እነርእዮ ኣካላዊ ወይ ባይሎጂያዊ ግብረ-መልሲ እዩ። ኣብ ወጣሪ ኩነታት፡ ክልተ ዓበይቲ ክፍልታት ስርዓት-መትኒ ብዝገብርዎ ንጥፈታት፡ ኣብ ኣካላትና ዝርከቡ ብርክት ዝበሉ ስርዓታት ግብረ-መልሲ ይህቡ። እንተ ኣስተብሂልና፡ ኣብ ወጣሪ ግዜ፡ ብዙሕ ክፋል ኣካላትና ይጽሎ እዩ። ሸውሃትና ይዕጾ፣ ቃንዛ ርእሲ፡ ሕቑን መላግቦታትን ይስምዓና፣ ስምዒታትና ከነመሓድር ንጽገም፣ ብንጹር ክንሓስብን ክንበሃሃልን ኣይንኽእልን ወዘተ። ምልክታት ጸቕጢ ኣእምሮ ከነምሓድሮ ክሳብ ዘይተጸገምና፡ ኣዕናዊ ሳዕቤን ኣየምጽእን እዩ። ጸቕጢ፡ ኣካልናን ኣእምሮናን ናብ ዘይምችእ ወይ'ውን ቀዲሙ ዘይተዳለወሉ ኩነታት ይኣቱ ምህላዉ ዝሕብር ምልክት እዩ። ስለዚ፡ ነዚ ኣካልናን ኣእምሮናን ዝህበና ምልክታት ተመርኲስና፡ እንታይ ንደልን እንታይ ይጐድለናን ክነለሊ ይሕግዘ። ጸቕጢ ንምምሕዳር ዝግብር መስርሕ ከኣ ኣካልናን ኣእምሮናን ብምሕያል፡ ንዘጋጥም ሓድሽ ወይ ዘይምቹእ ኩነታት ኣብ ምብዳህ ልዑል ተራ ይጻወት።

ጸቕጢ ከነምሓድሮ ምስ ዘይንኽእል ከ? ልዑል ዓቐን ጸቕጢ ኣእምሮ፡ ጠንቂ ብዙሕ ሕማም ኣካልን ኣእምሮን እዩ። ኣብ ግዚኡ ብግቡእ ክፍወስ ምስ ዘይክእል፡ ናብ ሞት ከምርሕ ይኽእል። 'ካብ ሓሚምካ ሕክምና ተኸናኺንካ ጥዕና' ዝብል መርሖ ሚ/ጥዕና፡ ንኣካላዊ ጥዕና ተሓዚኡ ዝተርፍ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ጥዕና ኣእምሮ ንምሕላው፡ ዝበለጸ ኣማራጺ 'ምክንኻን' እዩ። ምኽንያቱ፡ ሓሚምካ'ውን መዐገሲ እምበር መፈወሲ ሕማም ኣእምሮ ስለዘየለ። ኣብ ዘረባና፡ ኣብ ከባቢና ካብ ዘለዉ ሕዱር ሕማማት ክንዝርዝር ከለና፡ ሕማም ኣእምሮ ኣብቲ ዝርዝር ኣይኣቱን እዩ። እዚ ካብ ትሑት ግንዛበ ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ። እቲ ብተደጋጋሚ ሰብ ዝጥቕዕ ሕዱር ሕማማት ኣቃሊልካ ዘይርአ ብድሆታት ዋላ ይሃልዎ፡ እቲ ንምፍዋሱን ምስቲ ሕማም ንምንባርን ኣዝዩ በዳሂ ዝኾነ ሕማም ግን ሕማም ኣእምሮ እዩ። ጸቕጢ ደም ወይ ሽኮርያ እንተ ሓሚምና፡ ጥዕናና እናተኸታተልና፡ መዓልታዊ ንጥፈታትና ከነካይድ ንኽእል ኢና። ጉድለት ጥዕና ኣእምሮ ግን ኣብ ስራሕና፡ ዝምድናናን ካልእ ሸነኻት ህይወትናን ምሉእ ብምሉእ ክቕይር ሓይሊ ኣለዎ።

ጥዕና ኣካላት ንምሕላው ዝግበር ክንክን፡ ንጥዕና ኣእምሮና'ውን ኣገዳሲ እዩ። እንተኾነ፡ ብፍሉይ፡ ናብ ጥዕና ኣእምሮ ዝቐነዐ ንጥፈታት ክንውስኸሉ የድሊ። ጥዕና ኣካልን ኣእምሮን ተመላላኢ'ዩ፣ ኣካላትና ምስ ዘይጥዒ፡ ኣእምሮና ክጥዒ ኣይክእልን። ኣእምሮና ምስ



ዘይጥዒ ኸኣ ብተመሳሳሊ፡ ኣካላትና ብግቡእ ክዓይይ ኣይክእልን። እኳ ደኣ ጥዕና ኣእምሮና ምስ ዝትንከፍ፡ ኩሉ ሸነኻት ህይወትና ብዝለዓለ ስለዝጽሎ፡ ብዘይ ኣልያ ካልእ ሰብ ክንነብር ኣጸጋሚ ክገብሮ ይኽእል። ዓውዲ ስነ-ኣእምሮን ስነ-መትንን ድሒሮም ዝተዳህሰሱ ዓውድታት እዮም። ንሕማም ስነ-ኣእምሮ ዝምርምሩ ተክኖሎጂያዊ መሳርሒታት'ውን ብብዝሒ ብዘይ ምህላዎም፡ ኣብ ምፍዋስ ሕማም ስነ-ኣእምሮ ዘነይት ምዕባለ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ሕማም ስነ-ኣእምሮ ንምፍዋስ ተባሂሎም ዝተሰርሑ ከኒናታት'ውን ንምልክታት ሕማም ስነ-ኣእምሮ ዘህድኡ እምበር ምሉእ ብምሉእ ዝፍውሱ ኣይኮኑን። ብዓቢኡ፡ ኣእምሮ ሰብ ንምግማቱ ኣዝዩ ከቢድን ዝተሓላለኸን መስርሓት ስለዘለዎ፡ ብምልኣት ክጽናዕ በዳሂ ኮይኑ ይርከብ። ብእኡ መንጽር ከኣ ኣእምሮና ብሕማም ኣብ ዝጥቀዓሉ ግዜ፡ ብኸመይ ክፍወስ ይኽእል ንምጽንዕ በዳሂ ይገብሮ። እዚ ዝተዘርዘረን ካልእ ነጥብታትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ካብ ኣእምሮና ሓሚምና ብኸፊሉ ንፈወስ፡ ቀዲምና ኣብ ምክንኻን ጥዕና ኣእምሮና ክንዓይይ የድሊ። ጥዕና ኣእምሮና ንምሕላው ክሕግዙና ዝኽእሉ ንጥፈታትን ልምድታትን እንታይ እዮም?

### 1- ኣካላዊ ምንቅስቓስ

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክንብል ከለና ንግሆ ንግሆ ተንሲእና ክንጐዩ ወይ ናብ ጂምናዚም ኬድና ክንንቀሳቐስ ጥራይ ከስምዕ የብሉን። ክንጐዩ ወይ ንጂምናዚም ኬድና ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብስሩዕን ውዱብን ኣገባብ ከነካይድ ዝጽላእ ዋላ ኣይኹን፡ ከምኡ ልምዲ ምስ ዘይጸንሓና ዝቐለለ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ከነካይድ ንኽእል ኢና። ብእግሪ ሓጺር ጉዕዞ ክንጓዓዝ፡ ኣብ ውሽጢ ገዛና ወይ ቤት-ጽሕፈትና ኣካላትና ዝፈትሕ ምንቅስቓስ ከነካይድ፡ ኣብ ዓራትና እግርና ንዓቐብ ሰቒልና ንገለ ደቓይቕ ክንጸንሕ፡ … ብዓቕምና መዓልታዊ ክንገብሮ ንኽእል ንኣሸቱ ንጥፈታት እዩ። እዞም ንጥፈታት ንኣሸቱ ይምሰሉ እምበር፡ ኣካላትና ክዛነን ዕደት ደምና ከቀላጥፉን ይኽእሉ። ስሩዕን ዝተዛነየ ዑደት ደምን ከኣ ሓንጎልና ኢንዶርፊን ዝበሃል ናይ ባህታ ስምዒት ዝፈጥር ከሚካል ከም ዝነዝዕ ብምግባር፡ ንእለቱ ስምዒታትና ከም ዝመሓየሽ ክገብር ይኽእል።

### 2- ሙዚቃ ምስማዕ

ህድእ ዝበለ ሙዚቃ፡ ጸቕጢ ደምን ዓቐን ኮሎስትሮን ከጉድል ይኽእል። እዚ ኸኣ ምስ ጸቕጢ ኣእምሮ ዝተሓሓዙ ሆርሞናት ብትሑት ዓቐን ጥራይ ክነዝዑ ይሕግዝ። እንታይ ዓይነት ሙዚቃ ወይ ድምጺ ክንሰምዕ ንደሊ ካብ ነንሕድሕድና ክፈላለ ይኽእል እዩ። ብብዝሒ ህድእ ዝበለ ሙዚቃን ናይ ኣከባቢ ድምጺን (ናይ ገማግም ባሕሪ፡ ናይ ኣዕዋፍ ጨቕጨቕታ፡ ናይ ኣግራብ፡ ናይ ዝናብ፡ ወዘተ ድምጽታት)፡ ኣእምሮና ናይ ምህዳእ ልዑል ክእለት ከም ዘለዎ ይንገር። ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ሞባይል ኣፕሊከሽን፡ ንመደቀሲ ወይ ንመዛነዪ ኣእምሮ ተባሂሉ ተመሊኡ ዝዝርጋሕ ድምጺ ምስ እንዕዘብ'ውን ካብዚ ኣይወጽእን እዩ። ድቃስ ዝኣበዮም፡ ነቲ ንምድቃስ ዝሕግዝ ድምጺ ምስ ሰምዑ ከይተርድኦም ኣብ ዓሚቕ ድቃስ ከም ዝኣትዉ ይገልጹ።

### 3- ምስሓቕ

ምስሓቕ ኢንዶርፊን ዝበሃል ምዝናይን ባህታን ዝፈጥር ከሚካል ብምንዛዕ ጸቕጢ ኣእምሮ ንምጉዳል ይሕግዝ። ኢንዶርፊን ንህርመት ልብን ዓቐን ኮሎስትሮልን ብምውሳኽ፡ ጸቕጢ ኣእምሮ ከኸትሉ ዝኽእሉ ሆርምናት ኣብ ምንካይ'ውን ተራ ኣለዎ። ስሓቕ ንኣተሓሳስባና'ውን ይቕይሮ እዩ። ብዘጋጠሙና ጸገማትን ዘጨንቑና ኩነታትን ምቕላድን ምስሓቕን፡ ነቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ከቢድ ዝመስል ኩነታት ኣቕሊልና ክንርኢ ይሕግዝ። ንጉዳያትና ኣቕሊልና ክንርኢ ምኽኣል ከኣ ኣእምሮና ክዛነን ፍታሕ ክደልን ዕድል ይህብ።

### 4- ምብካይ

ምብካይ፡ ንዘጋጥመና ስምዒታውን ኣካላውን ቃንዛ፡ ብንብዓትን ናይ ቃንዛ ድምጽታትን ኣሰኒኻ ዝገብር ንጥፈት እዩ። ንምንታይ እዩ ምስ በኸና ሩፍታ ዝስመዓና? ተመራመርቲ፡ "ኣብ ስምዒታዊ ኩነታት እንነብዮ ንብዓት፡ ካብቲ ካልእ ግዜ ንነብዮ ንብዓት ዝተፈልየ ከሚካልዊ ትሕዝቶ ኣለዎ፡" ይብሉ። በዚ ምኽንያት ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ሓሪቕና፡ ሓዚንና፡



ናፊቕና፡ ወዘተ ንበኽዮ ብኽያት፡ ዝተናወጸ ስምዒታት ኣብ ምህዳእ ተራ ይጻወት። ክኢላ ዓውዲ ባዮ-ከሚካል ዝኾነ ዊልያም ኤች. ፍረይ፡ "ምብካይ ጸቕጢ ኣእምሮ ከኸትሉ ዝኽእሉ ሆርሞናት ካብ ምንዛዕ ክገትእ ይኽእል እዩ፡" ይብል። ኣብ እንዳ ሓዘን ምስ እንዕዘብ፡ ኣብ ሓዘን ዝርከብ ሰብ ንገለ ግዜ ክበኪ ይግደፍ እዩ። ብኽያት ምስ ዘበዝሕ ግን ሳዕቤኑ ስለዝኸፍእ ሓዘንተኛ ብተደጋጋሚ ከይበኪ ይንገር እዩ። ስለዚ፡ ብመጠኑ ምብካይ ንዘለና ጸቕጢ ኣብ ምንጋፍ ግዚኣዊ ፍታሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።

### 5- ማሕበራዊ ተሳትፎ

ማሕበራዊ ዝምድናታት ዘዕብዩ ኣጋጣሚታት ምስታፍ ክልተ ጥቕምታት ኣለዎ። ቀዳማይ፡ ኣእምሮና ካብቲ ተጸሚድዎ ዝርከብ ወጣሪ ሓሳብ ብምውጻእ፡ ብዛዕባ'ቲ ዘለዎ ኩነታት ስለዝሓስብ መብረ ይኾኖ። እቲ ኣጋጣሚ ዝፈጥሮ ኣካላዊ ዕዮ ምስ ዝህልዎ ኸኣ ብዝበለጸ ካብ ኣእምሮኣዊ ዕዮ ናብ ኣካላዊ ዕዮ ብምስግጋር፡ ካብ ልኡማት ናብ ንጡፋት ክሰጋገረና ይኽእል። ካልኣይ፡ ማሕበራዊ ተሳትፎ ምስ ካልኦት ሰባት ዘለና ዝምድና ስለዘዕቢ፡ ንጸገምና ዝኸውን ምኽርን ካልእ ተወሰኽቲ ሓገዛትን ክንረክብ የኽእል። ካብ ማሕበራዊ ዝምድና ዋላ ንሽግራትና ቀጥታዊ መፍትሒ ኣይንርከበሎም፡ ተገዳስነት፡ ፍቕርን ሓልዮትን ናይ ካልኦት ሞራልና ኣኻዕቢቱ ተስፋ ከም ዝሰንቕ ክገብር ስለዝኽእል፡ ብተዘዋዋሪ እወታዊ ጽልዋ ኣለዎ።

### 6- ነብስኻ ምእላይ

ኣእምሮና ኣብ ጸቕጢ ኣብ ዝህልወሉ ግዜ ብግቡእ ክንሓስብ ስለዘይንኽእል፡ ዋላ እቲ መዓልታዊ ንገብሮ ዝነበርና ቀሊል ንጥፈታት ካብ ምግባር ይኽልክለና እዩ። ብግቡእ ኣብ ግዜና ኣይንምገበን፡ ጽሬት ኣካላትናን ኣልባሳትናን ኣይንሕሉን፡ ጸጕርና ኣይንኣልን፡ ወዘተ። ካብ ዓቐን ንላዕሊ ወጥሪ ኣእምሮ፡ ነቲ ብዘይ ቍጽጽርና ዝካየድ ስርዓት-ምስትንፋስ ከተረፈ ክጸሉ ይኽእል እዩ። ኣብ ጸቕጢ ምስ እንህሉ፡ ኩሉ ንገብሮ ዘለና ገዲፍና ኮፍ ኢልና ብዛዕባ ጸገምና ክንሓስብ ጥራይ ኢና እንደሊ። በዚ ምኽንያት ከኣ ኩሉ ናብ ንጥፈት ዘእቱ ተበግሶታት ንቃወሞ። እንተኾነ፡ ነዚ ተረዲእና፡ ነብስና ተቘጻጺርና፡ እቲ ዘድሊ ነብሰ-ኣልያ ከነካየድ ይግባእ። ኣካላትና ብማይ ምሕጻብ፡ ጽሩይ ኣልባሳት ምውዳይ፡ ብግቡእ ምምጋብን ብስሩዕ ምስታይን፡ ጸጕርና ብግቡእ ምክንኻንን ካልእ ኣልያን ምዝውታር፡ ኣብ ጥዕናናን ነብሰ-ተኣማንነትናን እወታዊ ጽልዋ ኣለዎ። እዚ ክበሃል ዝጸንሐ ኣገባባት ኣልያ፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ብስሩዕ ለሚድና ምስ እንጸንሕ፡ ዋላ ኣብ ወጣሪ ግዜ ነብስና ለሚድዎ ዝጸንሐ ንጥፈት ከካይድ ብዙሕ ጸዓት ኣይወስደሉን እዩ። ስለዚ፡ ውሕጅ ከመጽእ መገዲ ውሕጅ ጽረግ ከም ዝበሃል፡ ቀዲምና ዘድልዩና ልምድታት ኣማዕቢልና ክንጸንሕ ሓጋዚ እዩ።

'ነብሳኻ ምእላይ' ምስ ኣካላዊ ኣላልያ ዝዛመድ ንጥፈታት ጥራይ ኣይኮነን ዘጠቓልል። ካብ ዘይተደልዩ ኣተሓሳስባታትን ልምድታት'ውን ነብስና ክንኣልያ እንተ ጸኒሕና'ውን ኣካል ነብሰ-ኣልያ እዩ። ነብስና፡ ናብ ጸቕጢ ኣእምሮ ካብ ዘቃልዑ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባታት፡ (ቅንኢ፡ ምትላል፡ ትሑት ርእሰ-ተኣማንነት፡ ናይ መንነት ቅልውላውን ካልእን) ብኸመይ ንኣልያ ምስ ዘይንፈልጥ፡ ብሕማም ኣእምሮ ክንጥቃዕ ርሒብ ዕድል ክፈጥር ይኽእል። ስራሕ ናይ ምስግጋር ልምዲ፡ ምልቃሕ፡ ቍማር፡ ወረ ምብጽጻሕ፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ልምድታት፡ ናብ ጸቕጢ ኣእምሮ ከምርሕ ዝኽእል ሳዕቤን ስለዘለዎም ነብስና ምእላይ የድልየና።

### ጸቕጢ ኣእምሮ ኣብ ዝስመዓና ግዜ ከነውግዶ ዘለና፤

1. ኣልኮላዊ መስተን ሽጋራን፣
2. ኣነቓቓሒ መስተ (ቡን፡ ሻሂ… መሳሊ)፣
3. ዓው ዝበለ ድምጺ፣
4. ብርሃን ዘይብሉ ቦታ፣
5. ተክኖሎጂኣዊ መሳርሒታት ብብዝሒ ምጥቃም፣
6. ኣብ ህይወት ኣገደስቲ ዝኾኑ ውሳኔታት፣
7. ናብ ዝበኣሰ ጸቕጢ ከምርሑና ዝኽእሉ ኩነታት ወይ ሰብ፣
8. ብሓኪም ወይ ብዓል ሞያ ዘይተኣዘዘ መድሃኒት፣
9. ብዛዕባ ጸገምና ጥራይ ምሕሳብን ምስልሳልን፣
10. ጽምዋ ቦታ።

# ካብዝን ካብትን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ዘመናዊ ዝናብ

ኣብዚ ዓለምና ብምዕባለ ተወንጨፋትሉ ዘላ እዋን፡ እዚ ኣይክኣልን'ዩ ክትብሎ ኣብ ዘይትኽእል ደረጃ ኢና በጺሕና ዘለና። ንጥፈታት ወዲ-ሰብ ዘኸተሎ ምውሳኽ ዓለማዊ ዋዒ፡ ንዓቐን ዝናብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ከምዝጎድሎ ይሕበር። ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት፡ ዝናብ ንምዝናብ፡ ሃይማኖታዊ ኮነ ባህላዊ ንጥፈታት ይፍጸም እዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ግን፡ ምዕቡላት ሃገራት ዝናብ ክዘንበን ዚዩትና ዝጸበያ ዘለዋ፡ መሳርያታተን ተጠቒመን'የን ዝናብ ዘዝንባ ዘለዋ።

ሰብ-ሰርሖ ዝናብ ኣብ 1946 ብኣመሪካዊ ክኢላ ክሊማ ዶ/ር ቪንሰንት ሻቻፈር ተማሂዙ። እዚ ዓይነት ኣገባብ ኣዘናንባ ዝናብ፡ ዝናብ ክህልዎ ኣብ ዝኽእል ደበና ጥራይ እዩ ከድምዕ ዝኽእል። ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ዝናብ ዘዘንብ መሳርሒ፡ ኑቲ ብባህርያዊ መስርሕ ዝተፈጥረ ደበና ክዘንብ ደዩ ወይሲ ክበንን እዩ ካብ ዝብሉ ትጽቢታትን ጥርጣሬታትን ኣድሒኑ ብዓቐን ክብ ዝበለ መጠን ዝናብ ንምዝናብ ይሕግዝ። ሰብ-ሰርሖ ዝናብ፡ በረድ (ዝደረቐ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ)፡ ጨውን ሰልቨር ኣዮዳይድን ዝበሉ ባእታታት ብምሕዋስ ንኣሸቱ ነፈርቲ፡ ተወንጫፍን መዳፍዕን ብምጥቃም፡ ናብ'ቲ ኣንጠጥዩ ዘሎ ደበና ብምልኣኽ እዩ ክዉን ዝኸውን። እዞም ኬሚካላውያን ባእታታት፡ በዞም ዝተጠቕሱ



ዝተፈላለዩ መሳለጥያታት ኣቢሎም ናብ'ቲ ደበና ምስ ተጸጉ፡ ኣብ'ቲ ደበና ንዘርከብ ጠሊ ጨበብጦም የኽብድዎ'ሞ፡ ኣብ ላዕሊ ተንሳፊፉ ክጸንሓሉ ኣብ ዘይክእል ደረጃ ምስበጽሐ ናብ ፈሳሲ ባእታ ተለዊጡ ይዘንብ።

ሰብ-ሰርሖ ዝናብ ሚልዮናት ዶላራት ዝላትት ፕሮጀክት እዩ። ብቑጽሪ ብርክት ዝበላ ምዕቡላትን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን ድማ ይጥቀማሉ። እዘን ሃገራት ብቑጽሪ ዋላ ብርክት ዝበላ እንተኾና፡ እተን እዚ ቴክኖሎጂ ብተደጋጋሚ ዝጥቀማሉ ሃገራት ግን ህንዲ፡ እስራኤል፡ ኩወይት፡ ሃገራት ደቡባዊ ምብራቕ ኤስያ፡ ሰራላንካ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ኣመሪካ፡ ካናዳ፡ ቡልጋሪያ፡ ፈረንሳ፡ ስጳኛ፡ ሩስያ፡ ጀርመን፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ማሊ፡ ናይጀርያ፡ ሞሮኮ፡ ቡርኪና ፋሶን ሰኔጋልን እየን።

ቻይና ኣብ ዓለም እታ ብዝበለሐ ሰብ-ሰርሖ ዝናብ እትጥቀም ሃገር እያ። እዛ ሃገር፡ ኑቲ ደረቕ ዘጥቅዕ ሰፊሕ ክፋል መሬታ ናብ ሓምላይ ብምቕያር ቁጠባ ኣውሒሳ እያ። ኣብ 2009፡ እዛ ሃገር ዝተፈልየ ኬሚካላዊ ባእታ ብምጥቃም፡ ንሰለስተ መዓልታት ውርጪ ብምዝናብ፡ ካብ ቁጽጽራ ወጻኢ ኩይኑ ምዕጻው ቀንዲ ናይ መጎዓዝያ መስመራት ኣኸቲሉላ ከምዝነበረ ይግለጽ። ኣብ 2008፡ ቻይና ኑቲ ኣብ በይጂንግ ንምእንጋድ ትሸባሸበሉ ዝነበረት ኣህጉራዊ ውድድር ኦሎምፒክ ንምድማቕ፡ ኣብ ደሮ እቲ ውድድር፡ ኑቲ ዝነበረ ብከላ ኣየር፡ ሰብ-ሰርሖ ዝናብ ተጠቒማ ከምዝጸረየቶ ይፍለጥ። እቲ ዘገርም ግና፡ ቻይናን ጎረባብታትን ብሰርቂ ደበና ኣብ ተደጋጋሚ ፖለቲካዊ ምፍሕፋሕ ዝኣትዋ ምኳነን እዩ። ዝኾነ ኣመልኪቱ ኣህጉራዊ ማሕበር ሳይንስን ቴክኖሎጂን ኣብ ዘውጸኦ ጸብጻብ፡ ነዚ ቴክኖሎጂ ዝጥቀማ ብርክት ዝበላ ሃገራት ምስ ጎረባብተን ደበና ከምዝሰራረቓ ሓቢሩ እዩ። ኣመሪካ እውን እታ ቀዳመይቲ ተጠቃሚት ሰብ-ሰርሖ ዝናብ እያ። እታ ሃገር ነዚ ኣገባብ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውደ ኩናት ከም መሳነኽልን መሰየርን ጸላኢ ትጥቀመሉ ከምዝነበረት ድማ መዛግብቲ የመልክቱ። ብደርቂ ዝተጠቕዓ ክፍሊ ሃገራት ኣመሪካ'ውን ነዚ ኣገባብ ተጠቒመን ሕርሻዊ እቶተን ብምድንፋዕ ህዝበን ከዕንግላ ከለዋ፡ ኑቲ ትርፊ ድማ ብመልክዕ ረዲኤት ናብ ዝተፈላለያ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ይልእኻኦ እየን።

ሰብ-ሰርሖ ዝናብ ብፍላይ ደርቂ ኣብ ምምካት ኣዝዩ ኣገዳሲ ስሩፍልጠታዊ መስርሕ ኮይኑ፡ ካልኦት ዝተፈላለዩ ጥቕምታት'ውን ይርከቦ እዩ። ከም ኣብ'ቲ ምስ እንርኢ፡ ምስ ነጎዳ ተሰንዩ ዝወርዱ ደናጉላ በረድ፡ ሰብ-ሰርሖ ዝናብ ብምጥቃም፡ ዓቐኖም ብኸፊል ብምንኣስ፡ ኑቲ ክስዕብዎ ዝኽእሉ ሓደጋታት ምውጋድ ይክኣል። ብተወሳኺ፡ ብርቱዕ ህቡብላ ክልዓለሉ ትጽቢት ኣብ ዝተገበረሉ ኣከባቢ፡ ኣቐዲምካ ዝናብ ብምዝናብ፡ ኑቲ ድሕሪ ዝስዕብ ዕንወት ክትከላኸሎ ይሕግዝ። ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ክፍጠር ዝኽእል ግመ ንምእላይ ከኣ ሓጋዚ መስርሕ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ዝርከቡ ምንጪ ማዮም ካብ ኣኽራናት ዝኾኑ ህዝብታት፡ ንሰብ-ሰርሖ ዝናብ ከም ኣማራጺ ክጥቀምሉ ይርኣዩ እዮም።

ናይ ሃይማኖት መራሕቲ፡ ዚ ባህርያዊ ዘይኮነ መስርሕ ዝናብ፡ ኣብ ስራሕ ፈጣሪ ምእታው'ዩ ብምባል ብትሪ እዮም ዝኹንንዎ። እንተኾነ፡ ዚ ካብ ነዊሕ ዓመታት ኣትሒዙ ብሰንኪ ንጥፈታት ወዲ-ሰብ ዝቀያየር ዘሎ ክሊማ ዓለም ንምፍዋስ፡ ስሩፍልጠታዊ ኣገባብ ምጥቃም ኣበሳ ከምዘይብሉ እዮም ተመራመርቲ ዝገልጹ። ሰብ-ሰርሖ ዝናብ ብዚይካ እቲ ዝሀቦ ጥቕሚ፡ ኣብ ቻይና፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኣመሪካን ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ብምኳኑ፡ ከቢድ ፋይናንሳዊውን ሰብኣውን ክሳራታት ዘስዓበ ዕልቕልቕ ኣኸቲሉለን ከምዝነበረ ይሕበር።

## ዝነውሑ ኣፍላጋት ዓለምና

**ፈለግ ኣሙር**

ፈለግ ኣሙር ብዝለዎ ንውሓት፡ ኣብ ዓስራይ ደረጃ ዝስራዕ ፈለግ እዩ። እዚ ፈለግ ን4444 ኪሎ-ሜትር ተዘርጊሑ ዝርከብ ኮይኑ፡ ካብ ሞንጎሊያ ጀሚሩ ብቻይናን ሩስያን ሓሊፉ ናብ ባሕሪ ኦኾትስክ ይፈስስ። እዚ ፈለግ፡ መንበሪ ልዕሊ 100 ዝኾኑ ዓይነት ዓሳታት እዩ።

ፈለግ ሪዮ ደላ ፕላታ ን4880 ኪሎ-ሜትር ተዘርጊሑ ዝርከብ ሻምናይ ዝነውሐ ፈለግ እዩ። እዚ ብኣፍላጋት ፓራና፡ ሪዮ ግራንደን ኡራጋይን ዝቖመ ፈለግ፡ ብፓራጓይ፡ ብራዚል፡ ቦሊቭያ፡ ኡራጓይን ኣርጀንቲናን ሰንጢቑ ሓሊፉ ናብ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ይፈስስ። ፈለግ ሪዮ ደላ ፕላታ ካብ ዓለም እቲ ካብኡቶም ኣብ ካልእ ፈለግ ይኹን ውቅያኖስ ኣይርከቡን እዮም።



**ፈለግ ኮንጎ**

ፈለግ ኮንጎ ን4709 ኪሎ-ሜተር ተዘርጊሑ ዝርከብ ፈለግ ኮይኑ፡ ብዕበዮቱ ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ይስራዕ። እዚ ብዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ኣንጎላ፡ ሪፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ታንዛንያ፡ ካሜሩን፡ ዛምብያ፡ ብሩንዲን ርዋንዳን ሰንጢቑ ዝሓልፍ ፈለግ፡ ናብ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ይውሕዝ። ፈለግ ኮንጎ፡ ምንጪ ማይ ልዕሊ 400 ዓይነት መጥባውቲ እንስሳታት፡ ልዕሊ 1,700 ዝጸሓ ዓሌት ኣዕዋፍን ዓሳታትን እዩ።

**ፈለግ ሪዮ ደላ ፕላታ**

**ፈለግ የናሰይ**

ፈለግ የናሰይ ብሞንጎልያን ሩስያን ዝሓልፍ ን5539 ኪሎ-ሜትር ተዘርጊሑ ዝርከብ ፈለግ እዩ። 97 ሚእታዊት እዚ ፈለግ ኣብ ሩስያ ይርከብ። እዚ ፈለግ'ዚ መንበሪ እቲ ብደረጃ ዓለም ዝዓበየ መጓሰ 'ኣባ ሸውዓተ' ቀርኑ እዩ።

**ፈለግ ሚሰሲፒ**

ፈለግ ሚሰሲፒ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዝርከብ ን5971 ኪሎ-ሜትር ዝዘርጋሕ ፈለግ እዩ። እዚ ፈለግ ብክፍሊ ሃገራት ሚኒሶታ፡ ኪንታኪ፡ ቴነሲ፡ ኣርከንሳ፡ ሚዙሪ፡ ኢልኖይ፡ ኣዩዋ፡ ዊስኮንሲን፡ ሉዊዚያናን ሚሰሲፒን ሓሊፉ ናብ ወሽመጥ ሜክሲኮ ይውሕዝ።

**ፈለግ የንግሲ**

ፈለግ የንግሲ ኣብ ቻይና ዝርከብ ን6300 ኪሎ-ሜርት ዝዘርጋሕ ፈለግ እዩ። እዚ ኣብ ኣህጉር ኤስያ ዝነውሐ ፈለግ፡ ብደረጃ ዓለም፡ እቲ ኣብ ሓደ ሃገር ጥራይ ዝውሕዝ ዝነውሐ ፈለግ ምኳኑ ይፍለጥ።

**ፈለግ ኣማዞን**

ፈለግ ኣማዞን ኣብ ጫካ ኣማዞን ዝርከብ ን6400 ኪሎ-ሜትር ዝዘርጋሕ ፈለግ እዩ። እዚ ብዝለዎ መጠን ንውሓት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተሰሪዑ ዝርከብ ፈለግ፡ ብፔሩ፡ ኮሎምብያን ብራዚልን ይሓልፍ።

**ፈለግ ኒል**

ፈለግ ኒል ን6695 ኪሎ-ሜትር ዝጎዓዝ ዝዓበየ ፈለግ እዩ። እዚ ብሃገራት ብሩንዲ፡ ርዋንዳ፡ ታንዛንያ፡ ኬንያ፡ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ኡጋንዳ፡ ኢትዮጵያ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሱዳንን ግብጽን ዝሓልፍ ፈለግ፡ ናብ ማእከላይ ባሕሪ ይፈስስ። ፈለግ ኒል ቀንዲ ምንጪ ማይ ሃገራት ግብጺ፡ ደቡብ ሱዳንን ሱዳንን ምኳኑ ይሕበር።

**ብሎ ፈለግ**

ብሎ ፈለግ ብዝውንኖ መጠን ንውሓት ብደረጃ ዓለም ኣብ ሻድሻይ ደረጃ ተሰሪዑ ዝርከብ ፈለግ እዩ። እዚ ፈለግ ን5464 ኪሎ-ሜትር ይዝርጋሕ። እዚ ኣብ ቻይና ዝርከብ ፈለግ፡ መንበሪ 169 ዓይነት ዓሳታት ኮይኑ፡ 19 ዝኾኑ ፈለግ ኮይኑ፡ ኣብ ገለ ክፋሉ 220 ኪሎ-ሜትር ዝጸሓ ጎደኒ ይውንን።

**ፈለግ ኦብ**

ፈለግ ኦብ ን5410 ኪሎ-ሜትር ተዘርጊሑ ዝርከብ ብሞንጎሊያ፡ ቻይና፡ ካዛኪስታንን ሩስያን ሓሊፉ ናብ ወሽመጥ ኦብ ዝፈስስ ፈለግ እዩ።

## ብሮኮሊ

ብሮኮሊ ካብ ዓሌት ካውሎ ኮይኑ፡ ንካውሎ ፍዮሪ ዝመሳሰል ዓይነት ሓምሊ እዩ። ብሮኮሊ ካብ ግዝኣት ሮማ ጀሚሩ ከም መግቢ ክዝውተር ከምዝጀመረ መዛግብቲ ይሕብሩ። እዚ ብብዝሒ ኣብ ሃገራት ቻይናን ህንድን ዝፈሪ ዓይነት ሓምሊ፡ ብቫይታሚን ሲ፡ ካልሲየም፡ ሓጺን፡ ፎስፎረስ፡ ፖታሽየም፡ ዚንክ፡ ታየሚን፡ ጽሕጊ፡ ራይቦፍላቪን፡ ቫይታሚን ኤ፡ ቫይታሚን በ፡ ቫይታሚን ኢ፡ ቫይታሚን ከይን ፎሊይትን ይርከቦ።



ብዘይካ'ዚ፡ ብሮኮሊ ክሱብ ሕጂ ብተመራመርቲ ጥቕሞም ዘይተለልየ ብዙሓ ባህርያውያን ኬሚካላት ከምዝውንን ይሕበር። ኣብ ሓደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ብሮኮሊ ዝርከብ 'ሳልፎራፈይን' ዝበሃል ዓይነት ባእታ፡ ኣብ ምጉዳል ዓቐን ሽኮር ኣብ ደምን ኣብ ምትሓት ተኽእሎ መንሸሮን ኣበርክቶ ከምዝለዎ ተጠቒሱ ይርከብ። ብተወሳኺ፡ እዚ ባእታ እዚ ኣብ ምውጋድ ኮነ ምድንጓይ ምድራቕን ቃንዛን መሊጋዓ'ውን ሓጋዚ ምኳኑ ይግለጽ። ካልእ 'ክራቶኖይድ' ዝበሃል ኣብ ብሮኮሊ ዝርከብ ባእታ ከኣ፡ ብሕማማት ልቢ ክትጥቃዕ ዘሎ ተኽእሎ ከጉድል ከሎ፡ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ድማ የደንፍዕ።

እዚ ብዝሀቦ ጥዕናዊ ረብሓታት ብሉጽ ሓምሊ እናተባህለ ዝግለጽ ብሮኮሊ፡ መድሃኒት መቕጠኒ ደም ዝወስዱ፡ ተካቃፊ መዓንጣን ጸገም ኩሊትን ዘለዎም ሰባት፡ ቅድሚ ነዚ ሓምሊ'ዚ ምብልዖም፡ ምስ ክኢላ ጥዕና እንተተማኸሩ ዝሓሸ ምዃኑ ክኢላታት የገንዝቡ።

ብሮኮሊ ኣብ ዕዳጋታት ኣሕምልቲ ሃገርና'ውን ብብዝሒ ዝርከብ ብምዃኑ፡ ኣብ ኣመጋግባና ክንጥቀመሉ ተመራጺ እዩ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኢሮብክስ |
| 09:40 | ሃሎ ቈልዑ |
| 10:15 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ረብዓት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተኩኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

## ሻዱሻይ ክፋል

# እተን ኮንጎ-ጫማ ዛንታ

ነቢ፡ ዛንታ ኣቦኡ ብጽሞና ምስ ተኸታተለ ዝዛረቦ ጠፊእዎ ስቕ በለ። ነተን ኣረግቶት ኮንጎ እናርኣየ ኣብ ሓሳብ ጠሓለ። ኵሉ'ቲ ኣቦኡ ዝሓለፎ ኣብ ኣእምሮኡ ቀረጾ። ዛንታ ኣቦኡ፡ ልቡ ተንከፎ። ኣቦኡ፡ ናጻ ኮይኑ ምዕላሉ ዕግበት ፈጠረሉ።

እንጅነር ሰሎሞን፡ "ነቢ ወደይ ዛንታ እዘን ኣረግቶት ኮንጎ ከመይ ረኺብካዮ?" ንነቢ ወዱ ተኩሩ እናጠመተ ሓተተ።

"ባባ እዘን ኣረግቶት ኮንጎ ከምዚ ዝበለ ዛንታ ዘለወን ኮይኑ ይስመዓኒ ኣይነበረን። ባባ ነቲ ሰብ ብድሕሪኡ ረኺብካዮ ትፈልጥዶ?" ነቢ ብዛዕባ እቲ ገባሪ ሰናይ ክፈልጥ ተሃንጠየ።

እንጅነር ክምስ በለ። ጽንሕ ኢሉ፡

"እወ። ክልተ ግዜ ረኺበዮ ነይረ። እታ ቀዳመይቲ ኣጋጣሚ ባድላ ክገዝእ ናብ እንዳ ክዳውንቲ ምስ ኣተኹ፡ በታ ኣብ ጸጋመይቲ ምዕጉርቱ ዘላ ዕብይ ዝበለት ጸላም ብረት ኣላልየዮ፡" ኢሉ ተዛረበ።

"ባባ ሸው'ኸ ኣዕሊልኩምዶ?" ነቢ በቲ ኣጋጣሚ ናይ ኣቦኡ ተገረመ።

"ሓቂ ምዝራብ ኣብታ ቀዳመይ መዓልቲ ኣየዕለልናን። ከምቲ ሰናይ ዝገበረለይ ሰናይ ነገር ክገብረሉ ጥራይ ሓሲበ። ከይተዛረብኩዎ ድማ ከይደ፡" እንጅነር ክምስ በለ።

"እዋእ! እንታይ ገይርካሉ? ስለምንታይ'ከ ዘየዕለልካዮ?" ነቢ ብምግራም ገጹ ኣሰረ። ኣቦኡ ነቲ ገባሪ ሰናይ ዘይምዕላሉ ጌጋ ኮይኑ ተሰመዮ።



"ነቢ ወደይ ነታ ሰናይ ተግባሩ ጥራይ እየ ክምልሰሉ ሓሲበ።እንታይ ምዃነይ ኣይፈለጥኩን ከየዕለልኩዎ እየ ከይደ። ነታ ሰናይ ተግባሩ ግን መሊሰሉ'የ፡" እንጅነር ኣብ ዝኽሪ ጠሓለ።

"ኣብታ እንዳ ክዳውንቲ ደኣ እንታይ ገይርካሉ?" ነቢ ናይ ኣቦኡ ሰናይ ግብሪ ክፈልጥ ደለየ።

"እቲ ነዘን ኮንጎ ዝገዝኣለይ፡ ባድላ እዩ ዝገዝእ ነይሩ። ኣብ ግዜ ቍልዕነተይ ኮንጎ ተሸጊረ ነይረ። ማለት ኮንጎ የድልየኒ ነይሩ። እታ እተድልየኒ ኮንጎ ድማ ካብኡ ረኺበ። ንሱ ድማ ኣብታ እንዳ ክዳውንቲ - ዋላ ጸገም ኣይሃልዎ - ባድላ ደልዩ እዩ ኣትዩ። ሸው ነታ ተሓዚት ገንዘብ ጸዊዐ ናይተን ባድላ ዋጋ ከፊለሉ ወጺአ። ነቢ ወደይ ንሱ ውሽጡ ክዓግብ ነተን ኮንጎ ገዚኡለይ። ኣነ ድማ ውሽጠይ ክዓግብ ነተን ባድላ ገዚአሉ። ንሱ ንዘይፈልጦ ሰብ ሰናይ ገይሩ። ኣነ ድማ ብዓቕመይ ኣብታ እተድልዮ ግዜ ሓጊዘዮ ክኸውን ተስፋ እገብር። ህይወት ብዘይ ምትሕግጋዝ ከንቱ እያ ነቢ ወደይ። እዚ ሰብ ኣብ ልበይ ዝተኸሎ ሓወልቲ ዓቢ እዩ። ነዘን ኮንጎ ድማ ንእሽቶይ እንከለኹ እየ ዓቂበየን። ነታ መዓልቲ ፈጺመ ኣይርስዓን እየ። ጽቡቕ ገይረ ክዝክራ ምእንቲ ድማ እዘን ዝረኣኻየን ኮንጎ ኣብ መንደቕ ቤትና ኣለዋ። ኣሪገን እየን። ክርእየን እንከለኹ ድማ ወትሩ ይሕድሳኒ። ነቢ ወደይ ሰብ ረሳዒ እዩ። ኣሸንኳይዶ ሳእኒ፡ ሰብ'ውን ይርሳዕ እዩ። ኣነ ድማ ሰብ ስለዝኾንኩ ከይርስዕ ኢለ እየ ወትሩ ክርእየን ኣብ መንደቕ ናይ ገዛና ሰቒለየን። ስእሊ ናይ ተጻወትቲ ኵዕሶ እኳ ኣብ መንደቕ ዝሰቀል። እዘን ታሪኻውያን ኮንጎ ድማ ዛንታአን እዚ እዩ፡" እንጅነር ዘረባኡ ወዲኡ ንወዱ ርእሱ ደረዞ።

"ባባ ንሳሙኤል ነተን ባድላ ድሕሪ ምኽፋልካኸ ረኺብካዮ ትፈልጥ'ዶ?" ነቢ ሕቶኡ ቀጸለ።

"እተን ባድላ ምስ ከፈልኩሉ ድሕሪ ክልተ ወርሒ ነተን ባድላ ተኸዲኑ ረኺበዮ፡" እንጅነር ሰሎሞን ኣብ ዝኽሪ ጥሒሉ ክምስ በለ።

"ሸው'ኸ ኣዘራሪብካዮዶ?" ነቢ ዛንታ ኣቦኡ መሲጥዎ መቐጸልታ ንኽፈልጥ ሓተተ።

"እወ ሸው'ስ ሰላም ኢለዮ። ብሓደ ኮፍ ኢልና ኣዕሊልና። በቲ ኩነታት ኣመና ተገሪሙ። ሓቂ ምዝራብ እቲ ዝገበረለይ ሰናይ ነገር ከማን ኣይዘከሮን። ፈጺሙ ረሲዕዎ። ብዛዕባ እተን ባድላ ንኽልተ ወርሒ ዝኣክል ንኹሉም ፈለጥቱ ከምዘዕለሎም ነጊሩኒ። ኣነ ድማ ቅሳነት ተሰሚዑኒ። ሰናይ ዝገበረ ሰናይ እዩ ዝረክብ ነቢ ወደይ፡" ዘኽሩ ንወዱ ብምዕላሉ ብሓጐስ ተመልአ።

ይቕጽል

# ውድድር ስእልን ግጥምን ንተመሃሮ

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ውድድራት ናይ ስእልን ግጥምን ከም እነካይድ ኣብ ናይ ዕለት 23-11-2024 ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ሓቢርና ምንባርና ዝፍለጥ እዩ። እንተኾነ ብዙሓት ወለዲ ጋዜጣ ክረኽብዎ ከምዘይከኣሉ ክድውሉልና ቀንዮም። ስለዝኾነ ንንጹር ሓበሬታ እዚ ዝስዕብ ምኻኑ ንሕብር።

ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት፡ ኣብ መንጎኹም ናይ ስእልን ግጥምን ውድድር ክካየድ ስለዝኾኑንና እቶም ኣብ ስእልን ግጥምን ክእለት ዘለኩም ክትወዳደሩ ንዕድም።

<u>**ስእሊ፡**</u> ብርሳስ ወይ ብሕብሪ ዝተሳእለ ክኸውን ይኽእል። ዓቐን ስእሊ ኣብ A3 (30 ሰ.ሜ ብ42 ሰ.ሜ) ይኸውን።

<u>**ግጥሚ፡**</u> ብዛዕባ ዝደለኹሞ ኣርእስቲ ኮይኑ ካብ 30 መስመር ዘይበዝሕ፡ ብኢድ ናይ ተወዳዳራይ ዝተጻሕፈ ክኸውን ይግባእ። ብኮምፕዩተር ዝተጸሓፈ ጽሑፍ ቅቡል ኣይከውንን።

ኣብ ስእሊ ዝሓለፉ፡ ናይ መወዳእታ መጸረዩ ኣብ ቅድሚ ተዓዘብቲ ክስእሉ እዮም።

ኣብ ግጥሚ ዝሓለፉ፡ ኣብ መወዳእታ ኣርእስቲ ተዋሂብዎም ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ከምዝገጥሙ ክግበር እዩ።

**ደረጃ ተወዳደርቲ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፦**

**1ይ ጉጅለ፡** 2ይን 3ይን ክፍሊ

**2ይ ጉጅለ፡** 4ይን 5ይን ክፍሊ

**3ይ ጉጅለ፡** 6ይ፡ 7ይን 8ይን ክፍሊ

**4ይ ጉጅለ፡** 9ይ፡ 10ይን 11ን ክፍሊ

ተወዳደርቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣብ ድሕሪ ስእሊ /ግጥሚ/ ኣድራሻ ክጽሕፉ ይግባእ። ኣብ ቅድሚት ስእሊ /ግጥሚ/ ዝተጻሕፈ ስም ተቐባልነት የብሉን።

ስም፡_____ ኣርእስቲ ስእሊ /ግጥሚ/፡_______

ክፍሊ፡_______ ቤት ትምህርቲ፡______

ተለፎን፡__________ ወይ ___________

ተወዳደርቲ ክሳብ ዕለት 20/12/2024 ስርሓቶም ከረክቡ ይግባእ።

<u>**ምርካብ ስርሓት፡**</u> ቍጽሪ ጾስጣ 4336 ኣስመራ ኤርትራ፡ እቶም ብኣካል ከተረክብዎ እትኽእሉ ድማ ኣብ ቤት ስእሊ ቺነሉክስ (ኣብ ጐደና ሓርነት ዝርከብ ቤት ስእሊ) እዩ።

መምህራን፡ እዚ ሓበሬታ ንተመሃሮ ንኽበጽሖም እጃምኩም ክትጻወቱ ንላቦ።


ንዝያዳ ሓበሬታ፡

07190414 ክትውከሱ ትኽእሉ።


ንተወሳኺ ሓበሬታ ዝቕጽል ሕታማት ተርሙማ ተኸታተሉ።

ሰናይ ውድድር!

ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ተርሙማ




ዝኸበርኩም ተመሃሮ ከምዚ እትርእዩኒ ዘለኹም ጽብቕቲ ጓል እየ። ኣብ ከተማ መንደፈራ ድማ እነብር። ብዙሓት ሰባት ኣዘዮም ይፈትዉኒ። ንምስኣል ከባድ ኣይኮንኩን። ሃየ በሉ ንሎሚ ብኸመይ ከምዝስኣል ኣለልዩኒ። ደስ ዝበለኩም ሕብሪ ልኸዩኒ። ኣብ ካልእ ወረቐት ድማ ደጊምኩም ፈትኑኒ። ውድድር ስእሊ ስለዘሎ ድማ መላመዲ እኾነኩም እየ። ሰናይ ስራሕ!



# ግድል ደደ

በዘን ተዋሂበን ዘለዋ ቍጽርታት፡ ነተን ኣብ ታሕቲ ተዋሂበን ዘለዋ ውጽኢት ብምድማርን ምጉዳልን ስርሑወን። ሓንቲ ቍጽሪ ሓደ ግዜ ኣብ ምድማር ወይ ምጉዳል ምስ ተጠቀምኩምላ፣ ካልኣይ ግዜ ክትጥቀሙላ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ስለዚ፡ ከይደገምኩም ነተን ውጽኢት ስርሑወን።

| | | | |
|---|---|---|---|
| 9 | 4 | 7 | 2 |
| 5 | 6 | 3 | 8 |

## ብምድማር

☐ + ☐ = 11

☐ + ☐ = 9

## ብምጉዳል

☐ - ☐ = 7

☐ - ☐ = 3

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሸዊት ዘሙይ ተስፋሚካኤል ምግቢ ተረፉ፣ ሰዊት ዘሙይ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኀይትኦም ተኽስተ ምሕረትኣብ፣ ሓወቦይ ፍትዊ ምሕረትኣብ ጊላይ ስለዝዓረፈ፣ ኣነ ምስ ኣሕዋተይን ደቂ ሓወቦታተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ወ/ሮ ኣረጋሽ ኣብርሃም ሃይሉ፣ ብዓል ቤተይ ኣንገሶም ካሳ ሕድገ ስለዝተሰወአ፣ ንዓይ ናይ መጽምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፣ 3 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ምዑግዱ መሓመድ ሓምድ ምግቢ ተረፉ፣ ሰዑትድ መሓመድ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

እድሪስ ኣሕመድ ዓሊ፡ ሰም ኣደይ ሳልማ ኣሕመድ ዓሊን ከድኛ ንገሰን ምግቢ ተረፉቶዳኛ ሕድሩ ኪዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ረዘነ ገደል ወልዱ ምግቢ ተረፉ፣ ወዘሮት ሕሽል ጉበር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፋጥና መሓመድ ዑስማን ምግቢ ተረፉ፣ ፋጥና ዑስማን ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ማጅ ዓብደላ ሐመድ ምግቢ ተረፉ፣ ማሕሙድ ዓብደላ ሀመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኢብራሂም ከሸ መ/ድ ምግቢ ተረፉ፣ ኢብራሂም ማሕሙድ መ/ድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

በረቕ መሓሪ ተወልደ፡ ኣደይ በራኺዋ ይሕደጎ ጉቡሩ ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣብ ጥኽ. ዘሎ ሕሳብ ኣነ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ወይኒ ንጉሰ ጉብረልኣል፡ ብዓል ቤተይ ተስፋኣለም ዑቕባሚካኤል መሓሪ 15 ዓመት ደሃይ ስለዘይብሉ ይጸወዓለይ ስለዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኖቭል ንጉሰ ገብረሂወት ምግቢ ተረፉ፣ ኣያብል ንጉሰ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ብሽም ፈሸን ደሳለ ደብልጸም ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00038802 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና ተጋደልቲ ቑ.ገዛ 168 ዝርከብ ናይ ቤት መግቢ ትካለይ ንኣቶ በረኸት መኻን ጉብረእግዚኣብሄር ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻ ነፋሒ ጎደና-ቑ.ገዛ ካብ ዕለት 01/11/2024 ክሳብ ዕለት 31/10/2026 ኣካርየዮ ስለዘሎኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓዊሞም የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፣ ዝቃወም ኣካል ከይሃለወ ተቐጺሉ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ኣመልካቲት ፈሸን ደሳለ ደብልጸም

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና እምባ ሶይራ ዚፕ ኮድ 1A198 ፕሎት 67 ፓርሰል E ዝርከብ፡ ብሽም ነፍ/ኪዳ ተስፋገርግሽ ሰዥር ብቑ.ንብረት IBRASM018706/1 ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ፡ ብውርሲ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣመልካቲ፡ መድሃኔ ኪዳ ተስፋገርግሽ

---

ወ/ሮ ይሕደጋ ሰለሙን ዓንደሚካኤል፡ ዝተፈቕደለን ናይ ፒዘርያ ንግዳዊ ትካለን "ዋልዴን ፒዘርያ" (WALDIEN PIZZERIA) ተባሂሉ ክፅየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከይሃለወ ተቐጺሉ እዚ ናይ ንግዳዊ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

## ምልክታ ጨረታ

ዓይነት ጨረታ፡ ጽገና ፕሪንተራትን ፎቶኮፕየራትን

ኣሃዱ፡ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ

ኣርእስቲ ውዕል፡- ክልተ ዓመታዊ ውዕል ምጽጋን ፕሪንተራትን ፎቶኮፕየራትን ንምክያድ

ዓይነት ጨረታ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ካብ 01/ጥሪ/2025 ክሳብ 31/ታሕሳስ/2026 ዝለውኦ ፕሪንተራትን ፎቶኮፕየራትን ጽገና ከካይድ፡ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

### ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት

1. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ንሕጋውያን ተጫረትቲ፡ ዋጋታት ናይ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጽገና፡ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መስርሕታት ጽገና ዘካይዱ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ 2022 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሰራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈልሉ፡ ሰነድ (clearance) ናይ 2023 የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ፡ ናብ ኣሃዱ ዕድጊ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ፣ ብቑጽሪ ስልኪ 08202691 ብምድዋል፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡን ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክወስዱን ይኽእሉ፡፡
5. ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን20 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 20 መዓልታት ናይ (ስራሕ ዕለት ምስ ዘይከውን ድሕሪ መበል 20 መዓልቲ ዘላ ናይ ስራሕ ዕለት) ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ፡ ዕጋውያን ወከልቲ ሰነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ይኽፈት፡፡ ደንጕዩ ዝቐረበ ጨረታ ተቐባልነት የብሉን፡፡
7. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 20.000 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ)ብ (C.P.O) ኣተሓሒዞም የቕርቡ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድጊን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝፈቅዶ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ተጫራቲ ነቲ ዝተዓወተሉ ጽገና ባዕሉ ወይ ብወከልቱ ክኢላታት ጥራይ ጽገና ከካይድ ይፍቀደሉ፡፡
10. ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ኮለጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይ-ነፍሒ
ቁ.ሳ.ፖስታ 344 ኣስመራ
ቁጽሪ ስልኪ 08202691/08371122

---

ኣቶ ዓብዱ ኑርኣሕመድ መሓመድ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ህንጻን ሕርሻን ኣቕሑት መሸጢ ንግዳዊ ትካሎም "መዲና መሸጢ ናውቲ ህንጻን ሕርሻን" (MEDINA FERAMENTA) ተባሂሉ ክስመየሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከይሃለወ ተቐጺሉ እዚ ናይ ንግዳዊ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---

ኣነ ይሕደጎ ባይረ መሓሪ፡ ወረሲ ናይ ኣደይ ነ/ሄር ለተሃይማኖት ኣርኣያም ዓንደማርያም፡ ኣብ ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረት ኣስመራ ብዕለት 05/02/2024 ብመዝ/ቁ 391/2023 ኣረጋጊጸ፡ እዚ ካብ ወላዲተይ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 100707 መወከሲ ቁጽሪ ደማ 100778/100781 ዝተመዝገበ ኣቕድም ኣበሉ ብቑጽሪ መዝገብ 40975 ጠቕላላ መዝገብ ቁ.62379 ብሽም ጉብርእግዚኣብሄር ቀለታ ጻዕዱን ብለተሃይማኖት ኣርኣያም ዓንደማርያምን ተመዝጊቡ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ፕላን በብሽሞም ስለ ዘይተመዝገበ፡ ሕጂ ብሽም ኣደይ ፕላን ክወጸኒን ናብ ስመይ ከመሓላልፍን ስለ ዝመደብኩ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳ/ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ሒዙ) ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ዝቃወም እንተዘይ ቀረቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ይሕደጎ ባይረ መሓሪ

---

ኣቶ ኒጋሲ ተስፋጽዮን ኪዳ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ፋሽን ዲዛይንን ስነጽባቐን መምሃሪ ንግዳዊ ትካሎም "ሶይራ ቤት ትምህርቲ ፋሽን ዲዛይንን ስነጽባቐን" (SOYRA FASHION DESIGN @ MAKE UP SCHOOL) ተባሂሉ ክስመየሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከይሃለወ ተቐጺሉ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

---


## መድረኽ ማእከል ሞያዊ ስልጠና

ከምቲ ልሙድ ክህቦ ዝጸንሐ ኣገልግሎት ሕጂውን ንኹሎም ሞያዊ ስልጠና ዝደልዩ ኣብ ዘዘጥዕሞም ጊዜን ሰዓትን ኣብዘሎ ዝስዕቡ ኮርሳት ስልጠና ቀጺሉ ከምዘሎ ይሕብር።

### ሀ. ዘለውና ሞያዊ ስልጠናታት (Courses)

| | |
|---|---|
| ➢ ትምህርቲ ኮምፒተር | ➢ ግራፊክስ |
| ➢ ኤሌክትሮኒክስ | ➢ ቪድዮ ኤዲቲን |
| ➢ ጽገና ኮምፒተር | ➢ ጽገና ሞባይል |
| ➢ ካሜራ ሹቲን | ➢ Principle of Accounting + Peachtree Software |
| ➢ ኣውቶ ካድ | ➢ Peachtree and Tally software |

### ብተወሳኺ፥

1. Electronics Level 2 and Level 3
2. Printer and Photocopier maintenance
3. Graphics Level 2 (Illustrator and in design)

፧ 2ን ልዕሊኡን ንዝማሃሩ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ንገብር

፧ ንኹሎም ተማሃሮና ምትካል ድሽ ብነጻ ንምህር

<u>ኣድራሻና፥</u> ንመጓዓዝያ ምቹእ ቦታ ኣብ ማእከል ከተማ ኣስመራ ድሕሪ ካርቱም ሆቴል ፊት ራካ ሬስቶራንት።

ቴሌ. 112244/07204551/07218432

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ስምኦን በየነ ተሰፋ እንድርያስ ምባል ተረፉ፡ ስምኦን በየነ ገብረይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ ተሰፋሚካኤል ገብረክርስቶስ ኣደይ ኣምለሰት ገብረሚካኤል እንግዳ፡ ብዕለት 04/8/2016 ኣብ ቅድሚ ረጀስትራር ቀሪበ ብቑ/መዝ 227/2016 ወህበቶ ከምዝፍጸመትለይ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ናይ ወላዲተይ ብቑ. ተጠራቓሚ ሕሳብ 15737 ብስማ ዝተመዝገበ ናይ ባንኪ ሕሳብ ከምዝለዋ፡ ንዕኡ ዝምልከት ብቑ/መዝ 227/2016 ብዕለት 04/8/2016 ዝፈጸመትለይ ወህበቶ ብምጽዳቕ ንጉዳዊ ባንክ ኤርትራ ኣብቲ ናይ ወላዲተይ ሕሳብ ዝርከብ ገንዘብ ክኽፈለኒ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ። እንተዘይቀረበ፡ ጉዳይና ከምንውድእ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ተዓደል ትንስኤ፡ ብዓል ቤተይ ሚካኤል ሃብተማርያም ዑቕባጊርግሽ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ፍረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ርባል ክፍለ መለስ፡ ኣደይ ቡሎይሽ ኪዳ በርሀ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ውዓሰ ገብረትንሳኤ ምባል ተረፉ፡ ኣርሴማ ገብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ፍረጃ ቤት-ፍርዲ እምባ ደርሆ

ተሰፋልደት ተኣሮ ገብረመድህን፡ ወለደይ ትኣሮ ገብረመድህን ወልደስላሴን ይሕደጋ ገብረይ ከሊብን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ብፍ/በ/ማሰል ወ/ሮ ለተኪዳን በራኺ መብራህቱ፡ ብመንገዲ ወኪል ኣቶ ተሰፋሚካኤል በራኺ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ኣሰገዶም እስቅያስ ናይዝጊ፡ ኣብ ልዕሊኻ ናይ ፈጻሚ ክሲ ስለ ዘቕረበትልካ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይና ከምንውድእ ንፈልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ልእልቲ የማነ ተኽለገርግስ ተኸሳሲ ኣቶ ተኽለ ሰዩም ተኽሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቀረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኑርዓዚ ኑርሐሰን መሓመድ፡ ኣቦይ ኣቶ ኑርሐሰን መሓመድ ኣሕመድ ቅድሚ 60 ዓመታት ኣብሉ ጠፊኡ ሃለዋቱ ስለዘይተፈልጠ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርኽቲ ኣረፋይነ ሃብተማርያም ምባል ተረፉ፡ ብርኽቲ ኣረፋይነ ክፍለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ይቕረብ።

## 1ይ ፍረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ሓረና ሰለሙን ሓይላይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰመረ ኣፈወርቂ ዑቕባስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቀረብ።

እዝየዝርያ ሃብተጊዮርጊስ፡ ኣቦይ ሃብተገርግሽ ክፍሉ፣ ኣደይ ንግስቲ ገብረሚካኤልን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ህሉዋት ኣሕዋተይ 2 መወትቲ 5 ተተኻእቲ ደቆም ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሸረዓ ዓዲ ቐይሕ

ፋጡማ ዓብደላ ኣሕመድ፡ ኣልማርሐማ ሳዕዲያ ኣድሪስ ስለዝዓረፈት፡ 7 ደቃ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ኤልሳ ተሰፋኡ ዘራጽዮን፡ ብወኪል ኣቶ ካብይ ተሰፋይ ዘራጽዮን፡ ወለደይ ተሰፋይ ዘራእጽዮንን ዘፋን ቀሺ ተስፋጽዮንን፡ ኣብ ከተማ ድባርዋ ዞባ 03 27 ፓርሰል "ሲ" ዝርከብ ገዛ ዋኸት ናቶም ዝኾነ፡ ብዕለት 27/06/2013 ዓ/ም ኣብ ቅድሚ ረጀስትራል ቤ/ፍ ፍርዲ ዞባ ደቡብ ድባርዋ ዝሃቡኒ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዓይነታ ይሕደጎ ተወልደመድህን፡ ጓለይ ኤልሳ ዓይነታ ይሕደጎ ስለ ዝዓረፈት፡ ኣነ በይነይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ፍረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ ናጽነት ተኽለማርያም ተሰፋማርያም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣሲያስ ኣስመላሽ ኣረጋይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ፍረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ብርኽቲ ዘውደኣለም ኣለሞ፡ ብዓል ቤተይ ስለዝተሰወኡ፡ ምስ 6 ደቀይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብርሃጽዮን ገብረመድህን ለሙ፡ ብሕጋዊ ወኪል ኣቶ ሳምሶም ኣንከሶም ጭርሞ፡ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ዞን 01 ብስም ሂወት ቀላቲ ጻድዋን ዝፍለጥ እንዳ ጡሓሒት ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ዞን 05 ፒያሳ ዝርከብ ገዛ ንዓይ ብውህበቶ ስለ ዝሃበትኒ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀረበ ግን ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ምዃኑ ኣፍልጥ።

## 1ይ ፍረጃ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ወ/ሮ ኣልጋሽ ጸዕዱ ካሱ፡ ኣቦይ ጸዕዱ ካሳን ኣደይ ንግስቲ መለኣኽቲ መሓሪን ስለዝዓረፉ፡ 3 ደቆም ብኣቦና ከኣ ተደላይት ጸዕዱን ተመስገን ጸዕዱን ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ፍረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ንግስቲ ዕቑቡ ፍስሃየ ምባል ተረፉ፡ በትኤል ዕቑቡ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ፍረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ዓብደላ ህመድ፡ ት/ዕድመ ጓለይ ሪም ፍጹም በራኺ ምባል ተረፉ፡ ሪም ፍጹም መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ወንድወሰን ታምሩ ደስታ ምባል ተረፉ፡ ወንድወሰን ታምሩ ካሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወንድወሰን ታምሩ ደስታ፡ ት/ዕድመ ጓለይ ራሔሲ ወንድወሰን ታምሩ ምባል ተረፉ፡ ማራናታ ወንድወሰን ታምሩ ካሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓረፋት ኣሕመድ ሳልሕ ምባል ተረፉ፡ ዓረፋት ዑመር እድሪስ ዒጂብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ፍረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ለተብሃን ሰመረ ወረ፡ ብዓል ቤተይ ሕመድ ናፍዕ ኣልመዳይ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 1ጓልና ከኣ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ ዳዊት ክብሮም፡ ኣቦይ ዳዊት ክብሮም ጊላማርያም ስለዝዓረፈ፡ ወ/ሮ ሃይማኖት ኣሰፍሃ ዕቝብ ናይ መጸምዲ ማስላ ይተሓለወላ፡ 5 ኣሕዋት ከኣ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓጂ ኣብርሃ ኣርበድ፡ ሓወይ ተሰፋሚካኤል ኣብርሃ ኣረበድ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተሚካኤል ሓድጉ፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃ ገረኪን ሓመናካ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሳዕድያ ሳዕድ መሓመድዓሊ ምባል ተረፉ፡ ሳዕድያ ሰዒድ መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ከሳሲት ወ/ሮ የዲት ሰለሙን እያሱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ግዲያን ዳዊት ሰሎ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

በራኺ ተሰፋጼየን ኪዳ፡ ት/ዕድመ ጓለይ ትብለጽ በራኺ ተሰፋጽዮን ምባል ተረፉ፡ ግደይ በራኺ ተሰፋጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ኣርያም ንገሰ ገብረሂወት ምባል ተረፉ፡ ሜላት ንገሰ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ሃይኮታ

ኣቶ ዑመር እድሪስ ኢብራሂም፡ ብዓልቲ ቤተይ ፋጥና ሓምድ እድሪስ ስለዝተሰወኣት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3ደቅና ደማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ካሕሳይ ገብረትንሳኤ ገብረያናስ ምባል ተረፉ፡ ፍሻለ ገብረትንሳኤ ገብረያናስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ምሕረት መዃንን ወ/ሮ መዃ ገብረመድህን ምባል ተረፉ፡ ሕርይቲ መዃ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ስተል መሓመድ ዑስማን ኣቡበከር ምባል ተረፉ፡ ስተል ዑስማን ኣቡበከር ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ከሳሲ ኣኽሊሉ ተወልደ ገብረኣብ፡ ተኸሳሲት ሩታ ክፍለዝጊ ተኽሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክርአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ኣቶ መሓሪ የሴፍ ተሰፋማርያም፡ ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካሎም "እምነት ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና" (IMNET DRIVING SCHOOL) ዝበሃል፡ "ጀት ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና" (JET DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክምዝበሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይቀረበ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ንፈልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

### ምልክታ ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ እስማዒል ብርሃኑ ብፍ/በ/ዕዳ ዓንሰባ ትራንስፖርትን ዘሎ ጉዳይ፡ ቤ/ፍ/ዞ/ ዓንሰባ ብዕለት 7/11/24 ብቑ/መዝ 116/022 ዝሃቦ ትእዛዝ መሰረት፡ ማሽነሪ ቁ/ሰሌዳ ER-SP-EO-6/0WB93F2 1985 ብስም ዋንነት እስማዒል ብርሃኑ ዝኾነት፡ ተሸይጣ መኽፈሊ ዕዳ ክትከውን ቤት ፍርዲ ስለ ዝኣዘዘ፡ ብክኢላ ብ/ሞያ 300,000.00 (ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ) ናቕፉ ስለ ዝተገመተት፣ ክውዳደር ዝደሊ 1/4 BOOK ወይ C.P.O ብምስራሕ ክውዳደር ይከኣል። ተሻራታይ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክሻረት ይከኣል።

ዕለት ጨረታ፦ 26/12/24
ቦታ ጨረታ፦ ቤ/ጽ/ፈ/ፍ/ዞባ ዓ/ከረን
ሰዓት ጨረታ፦ 9-10 ቅ/ቐ

ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብ ቤ/ጽ ፈ/ፍ/ዞባ ዓንሰባ ከረን ብምቕራብ ምውካስ ይከኣል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ መአገዲ ሒዙ እንተ ዘይቀረበ መስርሕ ጨረታ ኣየቋርጽን'ዩ።

ቤ/ጽ ፈ/ፍ/ዞ/ዓ ከረን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ፍረወይኒ ዝብረማሪሕ ክፍሉ፡ ብዓል ቤተይ ኣብርሃም ተስፋጽዮን ዑቕባሚካኤል ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸገ ደምሳስ ዝብረስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ሃይለ ወልደስላሴ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣቶ ኣማኑኤል ጸሃዩ ወ/ማርያም፡ ኣዴና ሮማ ሰለሙን ሰለባ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ክብራ ኣርኣያ ዑቕባዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ካፒተን ማሰፍን ተኪኤ ወልደኪዳን ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ያሬድ መልኣከ ሰመረ፡ ሞግዚት ወ/ሮ ሰዊት ሕሩይ የማነ፡ ኣቦይ መልኣከ ሰመረ ስለዝተሰወኣ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዳኒኤል ተመስገን ገብረወልድ ምባል ተሪፉ፡ ዳኒኤል ገዕሽ ዑቕባሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሚልዮን ግርማይ ተስፋይ፡ ተጸዋዒ ኣቦይ ኣቶ ግርማይ ተስፋይ ተወልደመድህን ስለዝጠፋኡ፡ ጥፉእ ምዃኑ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሚካኤል ዳንድርያ ደመኪ፡ ዓባይና ዘውዲ ደረስ ጎይትኦም ስለዝዋረረት፡ ንኣይና ተኪእና 3 ደቁ ወራስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልጋሽ ኣስገዶም ዞባታ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለብርሃን እንድርያስ ምስጉን ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3ደቁ ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሳባ ደሱላቅ ተ/ሚካኤል 2.ክብሮም ደሱላቅ፡ ኣዴና መኣዛ ገ/እግዚኣብሄር እምኑቱ ስለዝዋረረት፡ ንሕና 2 ደቃ ወራስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ከሳሲ ኣቶ ካሕሳይ ኣብርሃም ረዳኢ ተኸሳሲት ማዕደን ተሸመ ኣብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/1/25 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

የርዳኖስ ተኽለሃይማኖት ዓፋ፡ ወለደይ ተኽለሃይማኖት ዓፋን ህድኣት ጋርዝን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወራስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለ ዑቕባስላሴ ዘርአ ምባል ተሪፉ፡ ተኽለ ዑቕባስላሴ ዘርኣጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ኣስካለ ዑቕበ ጉብረ፡ ብ/ፍ/በ/ዕዳ ወ/ሮ ጸጋ ዞሚከኤል ገብረገርግሽ ዘሎ ናይ ፈጻሚ መዝገብ፡ ብ/ፍ/በ/ዕዳ ኣድራሻኣ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ስምረት ሽመንዲ ወልደጉብረኤል ምባል ተሪፉ፡ ምሲጋና ሽመንዲ ወልደጉብረኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንጉስ ጉብረሄት ኣባይ፡ ኣዴና ኣረጋሽ ባህታ ስዑቱ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ሰላስ ጉብረሂወት፡ ኣቦና ጉብረሂወት ሰፋር ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 4 ደቂ መዋቲ ሓወይ ተተኪእና ወራስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣፍምያ ኣርኣያ፡ ብዓል ቤተይ ወልደኣምላክ ፍስሃጼን ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 17 ደቁ ድማ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናይት ዝብረእግዚኣብሄር ሓጎስ፡ ተኸሳሲ ጉብረሂወት ጎይትኦም መንገሻ፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ት/ዕድመ ምሉእ ዑቕባዝጊ ኣስገዶም ምባል ተሪፉ፡ ሄኖክ ዑቕባዝጊ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገነት ዑቕባሚካኤል ተስፋየውሃንስ ምባል ተሪፉ፡ ሄለን ዑቕባሚካኤል ተስፋየውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ፍዮሪ ጥዑምዝጊ ባህራ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምሉእ ሓገስ በየነ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/12/24 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣልኣሚን ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ ኣልኣሚን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍረወይኒን ፍዮሪ ምባል ተሪፉ፡ ስምረት ሰልጠነ ኣንገሶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ኣስካል ሰመረ ጠዓመ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መጃ ጉብረሂወት ደስታ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/12/24 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

መሓመድ ዓሊ ዑመር ምባል ተሪፉ፡ ዓሊ ዑመር ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰላም ደመወዝ መላከ፡ ኣቦና ደመወዝ መላከ ካሳ ስለዝዋረረ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ከሳሲት ወ/ሮ በዘነ ጉብረሃንስ፡ ተኸሳሲ ኣሊያ እምባዩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/12/24 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ተኽለኣብ ሰመረኣብ ምባል ተሪፉ፡ ኣሚነ ሰመረኣብ ጉብረብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ንግስቲ ጉብረእግዚኣብሄር ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ጉይትኦም ጉብረ ወልደማርያም ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 2ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብሪ ግርማይ ተስፋማርያም፡ ኣደይ ምሕረት ፍትዊ ጉብረየሱስ ስለዝዋረረት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ዛይድ ይሓይሽ ተኣ ኣብ ልዕሊ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሃለቃ ጉብረኪዳን በርህ ወልደኣጠዘ፡ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ፋጡማ ኣሕመድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ፋጡማ መሓመድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ዕማባ ሃይለ ዘርኡ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዘሙ መሓሪ ወ/ገርግሽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/12/24 ቅረብ።

ኣዜብ ገብረሚካኤል ኣስፍሃ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ራሄል በላይ ተስፋሚካኤል፡ ናይ ውዕል ምፍጻም ክሲ ኣቕሪባትልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ዔሻ ስሌማን መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ዓሻ ስሌማን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣቤል መሓመድዑመር ዑስማን ምባል ተሪፉ፡ ማጅድ መሓመድዑመር ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ደሰር መሓመድሰዒድ ምባል ተሪፉ፡ ያስር መሓመድሰዒድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድ ዓሊሸኽ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ዓሊሸኽ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልማዝ ሃይሉ፡ ወለደይ ሃይለ ዑቕባጽዮንን ወ/ሮ ጽገወይኒ ገዘሀይን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ንበይነይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

የማነ ወልደሓሰበ በየኑ ምባል ተሪፉ፡ የማነ ወልደ ሓሰበ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሽሪፋ ያሲን፡ ስም ኣደይ ክረት ሳልሕ ጋይም ምባል ተሪፉ፡ በርካ ሳልሕ ጋይም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መርየም መሓመድ ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ መርየም መሓመድዓሊ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንዕማ ዓብ መሓመድ፡ ስም ኣደይ መርየም መሓመድ ኣደም ምባል ተሪፉ፡ ዓፊት ኣደም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ዕለተ ልደተይ ድማ 01/01/2007 ምባል ተሪፉ፡14/07/1997 ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማሃላ እድሪስ ሳልሕ ምባል ተሪፉ፡ ሳራ እድሪስ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ፍናን ዘርኡ ግርማይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ጃህራይ ሃይለ ኣብርሃም፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

መሓመድ ሳልም ኣብብከር ምባል ተሪፉ፡ መሓምድ ሱሌማን ኣብብከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዝብራይ እድሪስ ኣስገዶም ምባል ተሪፉ፡ ባርካይ እድሪስ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ፍዮሪ ግርማይ ተከስተ ምባል ተሪፉ፡ ፍዮሪ ግርማይ ከሰተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ተቐባሊት ህያብ ወ/ሮ ፍረወይኒ ተወልደ መንገሻ፡ ብመሰረት ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ካብ ወላዲተይ ህያብ ወሃቢት ወ/ሮ ለተብርሃን ጎይትኦም ጸገ ዝተገበረለይ ህያብ፡ ነቲ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 167-16 ፕሎት 49 ቁ.ፓርሰል ዞን ASP00047667 ስፍሓት መሬት 280.78 ት.ሜ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ ማለለይ መሬት 1፡007385 ብዕለት 20/03/2014 ዓ.ም ተመዝጊቡ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብህያብ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ተወልደ መንገሻ

---

ብስም የሴፍ ኣለምሰገድ ኣድሓኖም ብ ቁ.ፍ.ዋኒን ASL00013622 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ሰኪይቲ ቁ.ገዛ 39B ዝርከብ ናይ ቸኮሌትን ምቁር ሕብስቲ መሸጣ ትካለይ ንወ/ሮ ሰናይት ሰዩም መንግስታኣብ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 752-11 ቁ.ገዛ 37 ካብ ዕለት 01/11/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

የሴፍ ኣለምሰገድ ኣድሓኖም

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ግጥማት ሱፐር ዲቪዥን ‘ኤ’ ቀጺሉ

ግጥማት ሱፐር ዲቪዥን ‘ኤ’ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ ብሰለስተ ጸወታታት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ቀጺሉ።

ኣብቲ ዕለት ዝዓበየ ቀላሕታ ረኺቡ ዝነበረ ጸወታ፡ ዓበይቲ ጋንታታት ናይዚ ዞባ ዝኾና ኣዱሊስን ኣስመራ በራን ዘኻየዳኦ እዩ። ኣዱሊስ፡ ኣርባዕተ ግዜ ዋንጫ ናይዚ ውድድር ከተልዕል እንከሎ፡ ኣስመራ በራ ክልተ ግዜ ሻምፕዮን ኮይና።

ይኹን እምበር፡ ኣብዚ ጸወታ ወላ’ኳ ደላን ምንቅስቓስ እንተኣርኣያ፡ 0-0 እያን ተፈላልየን። በራ፡ ብተደጋጋሚ ግዜ ልዕሊ ኣዱሊስ እኳ እንተኾነት ሕከቲ ዝነበረ ድኽመት ግና ክትረብሕ ኣይከኣለትን። እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ ናይ ጸወታ ጥራይ ኣይኮነትን ሸቶ ከተመዝግብ ተጸጊሙ። ምስ ጉዳይፍ ኣብ ዘካየደቶ ጸወታ’ውን 0-0 እያ ተፈላልያ።

ኣብ ዝሓለፈ ጸወታኦም ብቀይሕ ባሕሪ ኣርባዕተ ሸቶታት ዝተመዝገቦ መስመር ምክልኻል ኣዱሊስ ግና፡ ኣብዚ ጸወታ ዝሓሸ ናይ ምክልኻል ስራሕ ዓሚሙ እዩ። ናይዚ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ኣከፋፋሊ ኣዱሊስ ሚኪኤል ሃብተ ተጸዊዑ።

ዛጊት፡ በራ ኣብ ክልተ ግጥማት ማዕረ ብምውጻኣ፡ ክልተ ነጥቢ ኣኪባ ኣላ። 12 ታሕሳስ ከኣ፡ ምስ ማይተመናይ ክትገጥም እያ። ሓንቲ ነጥቢ ዘላታ ኣዱሊስ ድማ፡ ንጉዳይፍ ክትገጥማ እያ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብቲ ዕለት ፈለማ ፓራዳይዝን ከብኒያ ሰምሃልን ተጻዊተን። ከብኒያ ሰምሃል፡ ጸወታ ብዘይ ሸቶ ተዛዚሙ እናተባህለ፡ ኣብ መበል 90 ደቒቕ ካብ ሚሮን ያቆብ ብዝረኸበቶ ሸቶ 1-0 ተዓዊታ። ኣባ ናትናኤል ተኽለማርያም ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዚ ጸወታ ተጸዊዑ።

ዝሰዓበ ጸወታ ሓይሊ ኣየርን ጉዳይፍን ዘካየዳኦ ነይሩ። ሓይሊ ኣየር፡ ኣብ መበል 27 ደቒቕ ብመንዲ ሴም መሓሪ መዐወቲ ሸቶ ኣመዝጊባ ሰለስተ ነጥቢ ወሲዳ። ሴም ከኣ፡ ንዝበለጸ ተጻዋታይ ንኢትወሃብ ሽልማት ተዓዊቱ።

ኣብዚ ውድድር፡ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ሻምፕዮን ቀይሕ ባሕሪ ካብ ክልተ ጸወታታት ምሉእ ሽዱሽተ ነጥቢ ብምእካብ ትመርሐ ኣላ። ሓይሊ ኣየር፡ ደንደንን ሰምሃልን ድማ፡ ብተመሳሳሊ ሽዱሽተ ነጥቢ ብጹብጻሬታ ሸቶ ተፈላልየን ክሳብ ራብዓይ ተሰሪዐን ኣለዋ።

ሱፐር ዲቪዥን ‘ኤ’፡ ጽባሕ ሰንበት ፓራዳይዝ ምስ ደንደን፡ ኣልታሕረር ምስ ቀይሕ ባሕሪ ብዘካይዳኦ ግጥማት ክቕጽል እዩ።

## መሲ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ‘ሊግ ኣመሪካ’ ተባሂሉ

ኣጥቃዓይ ኢንተር ሚያሚ ሊዮኔል መሲ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ሊግ ኣመሪካ 2024 ተባሂሉ።

መሲ፡ ወላ’ኳ ብሰንኪ መጉዳእቲ ካብ 34 ናይ ሊግ ግጥማት እዛ ወቕቲ ኣብ 15 ግጥማት እንተዘይተሳተፈ፡ ኣብተን ዝተሰለፈን



ግጥማት ግና፡ 20 ሸቶታትን 16 ቀረብን ብምምዝጋብ እዩ ጸብሊል ኢሉ።

እዚ ድንቂ ኣርጀንቲናዊ ተጻዋታይ፡ ብድምጺ ተጻወትቲ፡ ኣባላት ተኽኢካል ክለባትን ዝተመርጹ ኣባላት ማዕከናት ዜናን ብዝሃብዎ ድምጺ እዩ ተዓዊቱ ዘሎ። መሲ፡ 38.4 ሚእታዊት ክረክብ እንከሎ፡ ተጻዋታይ ኮሎምበስ - ቹቾ ሀርናንደዝ 33.7 ሚእታዊት፡ ኣከፋፋሊ ፖርትላንድ ቲምበርስ ዝኾነ ኢቫንደርስ ከኣ 9.2 ሚእታዊት ረኺቡ። ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ክሪስታል ፓላስ ናይ ሕጂ ተጻዋታይ ዲሲ. ዩናይትድ ክሪስቲያን በንተኸ 7.1 ሚእታዊት፡ ወዲ ጋንታኡ ንመሲ - ሉዊስ ስዋረዝ ከኣ፡ 2.2 ሚእታዊት ብምርካብ ድሕሪኡ ተሰሪዖም።

“እዚ ሽልማት ምዕዋታይ ክብሪ እዩ” ዝበለ መሲ፡ ንሽልማት ላንዶ ዶኖቫን 2024 እውን ተዓዊቱላ ኣሎ። እዛ ብድምጺ ማዕከናት ዜና፡ ተጻወትቲ እቲ ሊግን ኣካየድቲ ክለባትን እትዕደል ሽልማት፡ ኣብቲ ሊግ ንዝኸበረ ተጻዋታይ እትዕደል (MVP) ኮይና፡ ካብ 2015 ጀሚራ ንኽብሪ እቲ ኣብ 2009 ዝተዓወተላ ኣመሪካዊ ላንዶን ዶኖቫን ኢያ ዳግማይ ስም ተዋሂብዋ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ መሲ፡ ናይ ቀደም ተጻወትቲ ባርሴሎና ፐፕ ጓርድዮላን ሮናልዲንሆን፡ ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ፡ እቶም ዝዓበየ ጽልዋ ዘሕደሩሉ ምኳኖም ገሊጹ። እዚ ናይ ቀደም ተጻዋታይ ባርሴሎና፡ “ጓርድዮላ፡ ኣብ ባርሴሎና ንዊሕ ዓመታት ዓሊሙኒ፣ ብዙሕ ዓወታት ድማ ተገናጺፍና። ሮናልዲንሆ ከኣ፡ ፈለማ ናብዛ ጋንታ ክመጽእ እንከለኹ፡ ዝነበረለይ ኣቀባብላን ዝሓገዘንን ኣዝዩ ጠቓሚ ነይሩ።” ክብል ክልተኦም ልዑል ተራ ከምዘበርከቱ ገሊጹ።

ብተወሳኺ፡ ወላ’ኳ ንኣንድረ ኢኒስታን ዣቪን ከም’ኡ’ውን ኑየም ኣብዚ እዋን ኣብ ኢንተር ሚያሚ ምስኡ ዝጻወቱ ዘለዉ በኽቲት፡ ኣልባን ስዋረዝን እንተጸውዩም፡ ኑቲ ኣብ 2014 ዝሞተ፡ ዓርኩ ዝነበረ ቶቶ ቪላኖቫ ግና ብፍሉይ እዩ ጠቒስዎ።

## ቢላል፡ ንሓዲሽ ኣሰልጣኒ ሌስተር ሲቲ ይምጉስ

ሊድያ በረኸት

ኣጥቃዓይ ክሉብ ሌስተር ሲቲ ቢላል ኤል ካህኖስ፡ ኣብ ልዕሊ ሓዲሽ ኣሰልጣኒ ክለቡ ሩድ ቫን ኒስተርሎይ ዘለዎ ኣኽብሮት ገሊጹ።

ካህኖስ፡ “ኣቐዲሙ ምስ ዘሰልጠኖም ተጻወትቲ ብዛዕባኡ ኣዕሊለ ነይረ እየ። በዚ ከኣ ብዛዕባኡ ንእሽቶይ ስእሊ ነይሩኒ። ይኹን እምበር፡ ከምዚ ዓይነት ኣሰልጣኒ ምስ ዝመጽኣካ ጽኑዕ ኢልካ ክትሰምዖ ጥራይ እዩ ዘሎካ፡ ሓደ ካብ ብሉጻት ተጻወትቲ እዩ ነይሩ። ስለዚ ጀሚሩ ክሳብ ዝኸዶ ዘረብኡ ብዓቢኡ ክትከታተሎ ኣሎካ፡ ንብዙሓት ውልዶ ተጻወትቲ ኣሰልጢኑን ኣጻዊቱን



እዩ። ኣብ ክለብና’ውን ብዙሓት ንኣሽቱ ተጻወትቲ ስለዘለዉ፡ ኣብ ምዕባዮምን ኣብ ዝቕጽሉ ጸወታታት ብዙሊ. ዓወታት ኣብ ምጉንጻፍን ክሕግዘና እዩ።” ክብል ወዲሱዎ።

ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ኮይኑ ኣብ ትሕቲ ኤሪ ተን ሃግ ዝሰርሐ ዝነበረ ቫን ኒስተርሎይ፡ ተን ሃግ ድሕሪ ምብራሩ መዘኑት ምዕላም ብግዚያዊ ምሓዙ ይዝከር። ኣብ ኣርባዕተ ግጥማት - ሰለስተ ዓወት ሓንሳብ ማዕረ ወጽኢት ድሕሪ ምምዝጋቡ፡ ቀዋሚ ኣሰልጣኒ ሩበን ኣሞሪም ብምምጽኡ፡ ካብ ቦታኡ ለቒቑ። ድሕሪ ክልተ ሰሙናት፡ መዘኑት ምዕላም ሌስተር ሲቲ ተቐቢሉ። ሰሉስ ምሸት ኣብ ቀዳመይቲ ጸወታኡ ንዌስት ሃም 3-ብ1 ብምስዓር ከኣ፡ ብጽቡቕ ኣቚሉ ኣሎ።

## ዕጫ ዋንጫ ዓለም ክለባት 2025 ወዲቑ

ዕጫ ዋንጫ ክለባት ኩዕሶ እግሪ ዓለም 2025፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ኣመሪካ ከተማ ሚያሚ ወዲቑ።

እዚ ካብ 15 ሰነ ክሳብ 13 ሓምለ ኣብ ኣመሪካ ዝካየድ ውድድር፡ ንመጀመርያ ግዜ ብሓድሽ ቅዲ ክካየድ እዩ ተወጢኑ ዘሎ። ኣብዚ 32 ክለባት ዓለም ዝሳተፋሉ ውድድር፡ 12 ክለባት ካብ ኤውሮጳ ክኾና እንከለዋ፡ ሽዱሽተ ካብ ደቡብ ኣመሪካ እየን። ኣርባዕተ ካብ ኤስያ፡ ኣፍሪቃን ሰሜን ኣመሪካን፡ ከምኡ’ውን ሓንቲ ካብ ኦሽንያ ክሳተፋ እየን። ኢንተር ማያሚ ከኣ፡ ናይ ኣሰናዳኢት ሃገር ኣመሪካ ብምኳና ክትሳተፍ እያ።

ኣብዚ ውድድር፡ ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ክለባት ዕወታት ሻምፕዮንስ ሊግ ኣብዚ ምድብ ክሳተፋ ተፈቒዱለን ኣሎ። በዚ መሰረት፦

**ምድብ 1**
ፓልሜራስ (ብራዚል)
ፖርቶ (ፖርቱጋል)
ኣልኣህሊያ (ግብጺ)
ኢንተርሚያሚ (ኣመሪካ)

**ምድብ 2**
ፒኤስጂ (ፈረንሳ)
ኣትሌቲኮ ማድሪድ (እስጳኛ)
ቦታፎጎ (ብራዚል)
ሳውንደርስ (ኣመሪካ)

**ምድብ 3**
ባየር መኒኽ (ጀርመን)
ኣክላንድሲቲ (ኒውዚላንድ)
ቦካ ጁንዮርስ (ኣርጀንቲና)
በኔፊካ (ፖርቱጋል)

**ምድብ 4**
ፍላሚንጎ (ብራዚል)
ኢስፔራንስ ዲ ቱኒዝ (ቱኒዝያ)
ቸልሲ (እንግሊዝ)
ልዮን (ሜክሲኮ)

**ምድብ 5**
ሪቨር ፕለይት (ኣርጀንቲና)
ሬድስ ኡራዋ (ጃፓን)
ራያዶስ (መክሲኮ)
ኢንተር ሚላን (ኢጣልያ)

**ምድብ 6**
ፍሉሚነንስ (ብራዚል)
ቦሩሺያ ዶርትሞንድ (ጀርመን)
ኡልሳን ኤችዲ (ደቡብ ኮሪያ)
ማመሎዲ ሳንዳውንስ (ደቡብ ኣፍሪቃ)

**ምድብ 7**
ማንቸስተር ሲቲ (እንግሊዝ)
ውይዳድ ካዛብላንካ (ሞሮኮ)
ኣልኣይን (ስዑዲ ዓረብ)
ጁቬንቱስ (ኢጣልያ)

**ምድብ 8**
ሪያል ማድሪድ (እስጳኛ)
ኣልሂላል (ስዑዲ ዓረብ)
ፓቹካ ቱዛስ (መክሲኮ)
ሬድቡል ሳልዝበርግ (ኤውሮጳ)

## መቑሸሸ

### ቁመት ክሮች መዋዘዩ ይኸውን

ሓደ ካብ ቆማታት ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ዝነበረ ፒተር ክሮች፡ ስሪ ቁመናኡ ኣብ




ዝሓለፈ መዓልታት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ መዛረቢ ኮይኑ ቀንዩ።

እዛ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ህብብቲ ኮይና ዝቐጸት ስእሊ፡ ሰራሕተኛታት ሓደ ስታድዮም ኣብ ሜዳ ዝትከል ዓቢ መጉልሒ ብርሃን (ባውዛ) ብቴንዳ ሸፊኖም እናተገዓዝዑ እተርኢ ደረቕ ስእሊ እያ። ነዛ ስእሊ ዝተዓዘቡ ተኸታተልቲ ከኣ “ንበሲ ይምሓር ፒተር ክሮች (RIP)” ክብሉ፡ ንሱ ከምዝሞተ ኣምሲሎም ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ለጠፍሞ።

ይኹን እምበር፡ እዚ ጸወታ ዝመስል ጭርቃን ንብዙሓት ሰባት ከየሰንበደ ኣይተረፈን። እቲ ልዕሊ 2 ሜትሮ ዝቑመቱ እንግሊዛዊ ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ከኣ፡ “በጃኹም ኢለኩም ካብ ሎሚ ንደሓር በዚ ስእሊ ኣይትዋዘዩ፡ ብሞት ጸወታ የለን። ገለ ሓቂ ዝመስሎም ቤተሰበይ ደዊሎም ደጋዊ ክሓቱ ኣነ ድማ ኣነ ከምዘይሞትኩ ክሰርሮም ተሸጊርና ኢና ቀኒና።” ክብል ተላቢዩዎም።

ካብ 1998 ክሳብ 2019 ካብ ናይ ሃገሩ ሊግ ከይወጸ ምስ ዝተፈላለያ ክለባት ዝተጻወተ ክሮች፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ 108 ሸቶታት ኣመዝጊቡ እዩ። ብሓፈሻ ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን እታ ሃገር ኮይኑ’ውን ዝተጻወተ እዚ ቆማት ኣጥቃዓይ፡ ካብ 599 ናብ ሊግ ግጥማት 145 ሸቶታት ኣመዝጊቡ ኣብ 2019 ጥሮታ ወጺኡ። ኣብዚ እዋን ከኣ ኣብ ቀዳመ ሰንበት ንጸወታታት ፕሪመር ሊግ ኣብ ምትንታን ይርከብ።

## ቅንጥብጣብ

* ተጻወትቲ ማን ሲቲ - ፊል ፎደን፡ ጆን ስቶን፡ ኣከን ኮባቺችን፡ ሎሚ ጋንታኦም ናብ ክሪስታል ፓላስ ተጓዒዛ ኣብ እተካይዶ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ ከምዘየሰልፎ፡ ዓሰልጣኦም ፐፕ ጓርድዮላ ኣፍሊጡ።

* ዓሰልጣኒ ሊቨርፑል ኣርነ ስሎት፡ ቀዋማይ ሓላዊ ልዳቱ ኣሊሶን በከር፡ ካብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ናብ ጸወታ ክምለስ ድሉው ከምዘየለ ኣፍሊጡ። ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ዝርከቡ ጆታን ኬዛን’ውን ናብ ልምምድ ከምዘይተመልሱ ሓቢሩ።

ሊቨርፑል፡ ሎሚ ናይ ደርቢ ጸወታ ንምክያድ ካብ ከተማኣ መርሲዳይድ ከይወጸት፡ ኣብ ሜዳ ኤቨርተን ተጓዒዛ ፈታኒ ጸወታ ከተካይድ ግምት ይግበረሉ።

* ስሪ ዝሓለፈ ወርሒ 24 ሕዳር ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ንዝሓለፈ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ግጥማት ካብ ጸወታ ተኣልዩ ዘሎ ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ቪንስዩስ ጁኒየር፡ ሰሉስ ንጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣንጻር ኣታላንታ ድሉው ምዃኑ ዓሰልጣኒኡ ካርሎ ኣንቸሎቲ ኣፍሊጡ። ማድሪድ፡ ሎሚ ምሸት ኣብ ሜዳ ጂሮና ናይ ሊግ ጸወታ ኣለዋ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**
ኤቨርተን - ሊቨርፑል 3:30 ድ.ቀ
ብረንትፎርድ - ኒውካስል 6:00 ድ.ቀ
ኣስቶን ቪላ - ሳውዝሃምፕተን 6:00 ድ.ቀ
ክሪስታል ፓላስ - ማን ሲቲ 6:00 ድ.ቀ
ማን ዩናይትድ - ኖቲንግሃም 8:30 ድ.ቀ

**ላሊጋ**
ሪያል በቲስ - ባርሴሎና 6:15 ድ.ቀ
ጂሮና - ሪያል ማድሪድ

**ሴሪኣ**
ጁቬንቱስ - ቦሎኛ 8:00 ድ.ቀ
ሮማ - ለቸ 10:45 ድ.ቀ

**ቡንደስሊጋ**
ባየር ሙኒክ - ሀይደንሃይም 5:30 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

ሃገራዊ ቅድድም መኪናታት ሞተር ብሽክለታት፡ ኣብ ቤት ገርጊሽ ካብ 8:00 ቅ.ቀ ጀሚሩ ክካየድ እዩ።

**ሱፐር ዲቪዥን ‘ኤ’**
ፓራዳይዝ - ደንደን 2:00 ድ.ቀ
ኣልታሕረር - ቀይሕ ባሕሪ 4:00 ድ.ቀ

**ፕሪመር ሊግ**
ፉልሃም - ኣርሰናል 5:00 ድ.ቀ
ሌስተር ሲቲ - ብራይተን 5:00 ድ.ቀ
ኢፕስዊች - ቦርንማውዝ 5:00 ድ.ቀ
ቶተንሃም - ቸልሲ 7:30 ድ.ቀ

**ላሊጋ**
ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ሰቪያ 11:00 ድ.ቀ

**ሴሪኣ**
ናፖሊ - ላዝዮ 10:45 ድ.ቀ

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## “ምድራዊ ሃብቲ ሩስያ፡ ዕጽፊ ናይ ኣመሪካ’ዩ” ተባሂሉ

ፌደረሽን ሩስያ፡ ኣብ ዕዳጋ 100 ትሪልዮን ዶላር ከውጽእ ዝኽእል ባህርያዊ ጸጋታት ከም ዘለዋ፡ ዋና ፈጻሚ ስራሕ ናይ ሮዝነፍት ዝተባህለ ዝዓበየ ሃገራዊ ኩባንያ ነዳዲ እታ ሃገር ሓቢሩ።

እዚ ማጠቓለሊ ከኣ፡ ምስ ናይታ መተሃላለኽቲ ሩስያ ዝኾነት ሕ.መ.ኣመሪካ ክነጻጸር እንከሎ ልዕሊ ዕጽፊ ከም ዝኾነ፡ እቲ ኢጎር ሰቺን ዝተባህለ ብዓልስልጣን ገሊጹ።

ኢጎር ሰቺን እዚ ዝሓበሮ ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣብ ዝተገብረ ዘሎ ኣህጉራዊ ቁጠባዊ ዋዕላ እዩ።

ንሱ ኣብ መግለጺኡ፡ ልዕሊ 20% ካብ ዕቑር ነዳዲን ባህርያዊ ጋዝን ዓለምና ኣብ ከርሲ ኣርክቲክ ተኸዚኑ ከም ዘሎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ሩስያውን 80% ካብ ዘለዋ ጠቕላላ ባህርያዊ ጋዝን ነዳድን ኣብቲ ኣብ ኣርክቲክ ዝርከብ ሰፊሕ ግዝኣታ ከም ዝርከብ ኣመልኪቱ።

እዚ ኣብ ኣርክቲክ ኣብ ትሕቲ ቀጻሊ በረድ ዝርከብ ገዚፍ ባህርያዊ ጸጋታት፡ እንተላይ ንኻናዳ፡ ዴንማርክ፡ ፊንላንድ፡ ኣይስላንድ፡ ኖርወይ፡ ሽወደንን ኣመሪካን ከም ዝውንኑዎ ዝሕበር።

ይኹን’ምበር፡ ኣብ መንጎ ሩስያን ብኣመሪካ ዝምራሕ ኔቶን ተፈጢሩ ዘሎ ወተሃደራዊ ምትፍናን ነቲ ስትራተጂያዊ ክፋል ዓለምና ናብ ዓውደውግእ ከይልወጦ ሻቕሎት ከም ዘሎ’የም ብዙሓት ወገናት ዝገልጹ።

ንቡሉል ናይ ዓለም ምኽና እትግለጽ ኣመሪካ፡ ኣብ ዕዳጋ 45 ትሪልዮን ዶላር ከውጽእ ዝኽእል ባህርያዊ ጸጋታት ስለ ዘለዋ፡ ንሩስያ ተኸቲላ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትስራዕ - ብማሰረት ዝተፈላለዩ ወግዓውያን ጸብጻባት።

ኣቐዲሙ ምኽትል ቀዳማይ ሚኒስተር ዝነበረ ኢጎር ሰቺን፡ የማናይ ኢድ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ከም ዝኾነ’ዩ ዝንገረሉ።



## ፕረዚደንት ደ/ኮርያ፡ ‘ብሞት ክቕጻዕ ይኽእል እዩ’ ተባሂሉ



መራሒ ደቡብ ኮርያ - ፕረዚደንት ዩን ሰክዮል፡ ብኽሕደት ሃገር ገበን ኩይኑ እንተ ተረኺቡ፡ ካብ ናይ ሕልፈት ማእሰርቲ ክሳብ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ክጸንዖ ምኻኑ ተሓቢሩ።

እዚ ዝሕበር ዘሎ፡ እቲ ፕረዚደንት ዝሓለፈ ሰሉስ ምሸት ዘሕለፎ - እታ ሃገር ንዝይተወሰነ ግዜ ብወተሃደራዊ ደንቢ ክትመሓደር ዝኣዘዘ ውሳኔ ብሰንኪ ተቓውሞ ባይቶ ድሕሪ ሓደት ሰዓታት ድሕሪ ምስራዙ እዩ።

ሎሚ ቀዳም ምሸት ድማ፡ ባይቶ ደቡብ ኮርያ ነቲ ፕረዚደንት ብኽሕደት ሃገር ንምኽሳስ ድምጺ ክህብ ምኻኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

እቲ ኣብ ከቢድ ወጥሪ ተሸሚሙ ምህላዉ ዝንገረሉ ወዲ 63 ዓመት ፕረዚደንት፡ ብኽሕደት ሃገር ክኽሰስ እንተደኣ ኩይኑ፡ ካብቲ 300 ኣባላት ዘለዎ ሃገራዊ ባይቶ ብውሑዱ እቶም 200 ኣባላት (ክልተ-ሲሶ) ኣንጻሩ ክድምጹ ኣለዎም።

ተቓወምቲ ሰልፈታት ኣብቲ ባይቶ 192 መናብር ሓዚም ብምህላዎም ከኣ፡ ነቲ ፕረዚደንት ንምኽሳስ ካብ ወከልቲ ሰልፊ ናይቲ ፕረዚደንት 18 ድምጺ ጥራሕ ከም ዘድልዮም እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ተቓወምቲ ይኹኑ ደገፍቲ እቲ ፕረዚደንት ዝኣወጆ ወተሃደራዊ ደንቢ ምስ ሕገመንግስቲ’ታ ሃገር ዝጻረር ምኻኑ’የም ዝወቕሱ ዘለው።

ከምኡ ዓይነት ስጉምቲ፡ ኣብ ግዜ ኩናት ወይ ካልእ ከቢድ ቅልውላው ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ጥራይ ከም ዝውሰድ ድማ ይገልጹ።

እቲ ፕረዚደንት ግን፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ሰሜን ኮርያን ኣቐዲሙ ዝተኻየደ ውግእ ብወግዒ ስለዘየኽተመ፡ እታ ሃገር ኸ ኣብ ኩናት ከም ዘላ’ዩ ዝምጉት።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣብ ርእሲ’ውን ምስቲ ብከም ጆንግ ኡን ዝምራሕ መንግስቲ ሰሜን ኮርያ ዝደናገጹ ኮሚኒስታውያን ናይ ፖለቲካ ሓይልታት ስግኣት ስለዝፈጠሩ፡ ነቲ ዝወሰዶ ስጉምቲ ክወስድ ከም ዝተገደደ’ዩ ዘረድኦ።

ደቡብ ኮርያ፡ ዝኾነ ሰብ ብዘለዎ ሃገራዊ ክሕደት ዘኽስስ ተግባር ምስ ዝፍጽም፡ ብሞት ዘቕጽዕ ሕጊ ኣለዋ።

እንተኾነ ካብ 1997 ንደሓር በቲ ሕጊ መሰረት ብሞት ዝተቐጽዐ ሰብ ከም ዘየለ ይሕበር።

## ባንክ ዓለም፡ 100 ቢልዮን ዶላር ንድኻታት ሃገራት ይምድብ

ባንክ ዓለም፡ ኣብ ዝተሓተ ቁጠባዊ ደረጃ ንዝርከባ ድኻታት ሃገራት ዓለም ንምድጋፍ፡ ብመልክዕ ልቓሕን ሓገዝን ዝውዕል 100 ቢልዮን ዶላር ክምድብ ምኻኑ ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ናይቲ ባንክ - ኣጃይ ቡንጋ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ካብ ለገስቲ ሃገራት ድሮ ኣስታት 24 ቢልዮን ዶላር ኣተኣኻኺቡ ከም ዘሎ ድሕሪ ምምልካት፡ ነቲ ማጠን ናብ 100 ቢልዮን ዶላር ክብ ከብሎ ምኻኑ ሓቢሩ።

ብጠቕላላ 78 ሃገራት ድማ፡ ተጠቀምቲ ናይቲ ዝውሃብ ፋይናንሳዊ ልቓሕን ሓገዝን ክኾና ተሓርየን ምህላወን ገሊጹ።

ብዘውጋኸ፡ እቲ ዝውሃብ ገንዘብ፡ እተን ሃገራት ኣብ ጸላታት ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ትሕተ-ቅርጺን ኣብኢን ወፍሪ ንኽገብራ ክሕግዘን ምኻኑ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ባንክ ዓለም፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ከምጥዎ ካብ ዝጸንሐ ተመሳሳሊ ገንዘባዊ ሓገዛትን ልቓሕን፡ እቲ ኣስታት ክልተ-ሰሶ ናብ ሃገራት ኣፍሪቃ ከም ዝተላእከ’ዩ ዘመልክት።

ባንክ ዓለም፡ ኣብቲ ‘ኣህጉራዊ ባንክ ንዳግመህንጻን ልምዓትን’ ዝተሰምየ ጨንፈሩ 187 ሃገራት፡ ኣብቲ ‘ኣህጉራዊ ማሕበር ልምዓት’ ዝተባህለ ኣካሉ ድማ 174 ሃገራት ብኣባልነት ከም ዝሳተፋ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ብዘይካዚ፡ እቲ ባንክ ብሓደ ፕረዚደንት፡ ብ29 ምኽትል ፕረዚደንት፡ ከምኡ ድማ ብ25 ፈጸምቲ ዳይረክተራት ከም ዝመሓደር፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይጠቕሱ።



## ባሃማስ፡ ካብ ኣመሪካ ንዝስጎጉ ስደተኛታት ከምዘይትቕበል ኣፍሊጣ

ባሃማስ፡ ካብ ዝመጽእ ወርሒ ጥሪ ንደሓር ካብ ኣመሪካ ንዝስጎጉ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ክትቅበል፡ ብዶናልድ ትራምፕ ንዝቐረበ እማመ ከም ዝነጸገቶ ኣፍሊጣ።

ቤት-ጽሕፈት ቀዳማይ ሚኒስተር’ታ ሃገር ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዝሃርገሐ ሓበሬታ፡ መንግስቲ ባሃማስ ነቶም ዝስጎጉ ዜጋታት ዝተፈላለያ ሃገራት ዝኾኑ ስደተኛታት ክቕበል ዝጠልብ እማመ ብዕምቆት ድሕሪ ምምርማር ብትሪ ከም ዝነጸጎ ሓቢሩ።

“ባሃማስ ነቶም ክስጎጉ ዝሕሰቡ ዘለዉ ስደተኛታት ክተኣንግድ ዘኽእላ ጸጋታት የብላን” ክብል ድማ ወሲኹ ገሊጹ።

ባሃማስ ኣብ መግለጺኣ ትህብ ዘሎ ሓያል ሃገራት ካሪብያን መሪሕነት ናይ’ቶም ካብ ኣመሪካ ዝስጎጉ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ክኾና ዝጠልብ ተመሳሳሊ እማመ ካብ ዶናልድ ትራምፕ ቀሪቡለን ከም ዘሎ፡ ኤንቢሲ ዝተባህለ ማዕከን ዜና ኣመሪካ ድሕሪ ምግላጹ እዩ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ንምኻን ዝመጽእ 20 ጥሪ ቃለ-ማሕላ ክፍጽም ዝዳሎ ዘሎ ዶናልድ ትራምፕ፡ ስልጣን ምስ ጨበጠ ኣብ ታሪኽ ኣመሪካ እቲ ዝዓበየ ምኻኑ ዝገለጾ ወፍሪ ምስጓግ ስደተኛታት ከካይድ ምኻኑ’ዩ ዝሕበር ዘሎ።

እንተኾነ እቲ ዘይተርፍ ዝመስል ዘሎ ወፍሪ ምስጓግ ስደተኛታት፡ ብሓያል ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ይኹነን ከም ዘሎ’ዩ ዝግለጽ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ጸጥታ ኣመሪካ፡ ኣብ 2022 ጥራሕ ኣብታ ሃገር ሕጋዊ ሰነድ ዘይብሎም ኣስታት 11 ሚልዮን ስደተኛታት ከም ዝነበሩ ይሕብር።

ባሃማስ ድማ፡ ኣብቲ ዓመት’ቲ ብዝሒ ህዝባ ትሕቲ 400 ሽሕ ከም ዝነበረ ጸብጻባታ የመልክቱ።



## ሪ/ማ/ኣፍሪቃ ሓወልቲ ሩስያውያን ትተክል

ሪፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ሓወልቲ ናይቲ ሓለፋ ብሕታዊ ወተሃደራዊ ኩባንያ ዋግነር ዝነበረ የቭጌኒ ፕሪጎዢን ከም ዝተኸለት ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ ማእከል ርእሰከተማ’ታ ሃገር ዝተተኸለ ናይ ብሮንዝ ሓወልቲ፡ እንተላይ ንመስራቲ ናይቲ ኩባንያ ዝነበረ ድሚትሪ ኡትኪን ከም ዝጠቓልል፡ መርበብ ሓበሬታ ‘ዩሮ ኒውስ’ ኣመልኪቱ።

ክልቲኦም ወተሃደራውያን ሰበስልጣን ኣብ ሩስያ ከም ሓርበኛታት ዝረኣዩ ዝነበሩ ኩይኖም፡ ክልቲኦም ኣብ ነሓሰ 2023 ኣብ ሩስያ ብሓደጋ ኣይሮፕላን ከም ዝሞቱ ይዝከር።

ሰበስልጣን ሪማኣፍሪቃ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ዝተተኸለ ሓወልቲ ነቶም ሕጂ ብህይወት ዘየለዉ ሩስያውያን ክብሪ ንምሃብን ንምዝካርን ምኻኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ እቲ ስጉምቲ ኣካል ናይቲ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ተፈጢሩ ዘሎ ድልዱል ናይ ምትሕግጋዝ ዝምድና ምኻኑ ሓቢሮም።

ንኣቶም ወሲኾም፡ ኣብ እዋን ስነ-ስርዓት ምምራቕ ናይቲ ሓወልቲ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ዝርከብዎም ብዙሓት ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት’ታ ሃገር ተረኺቦም ከም ዝነበሩ ገሊጾም።

ኩባንያ ዋግነር፡ መንግስቲ ሪማኣፍሪቃ ብዘቕረቦ ዕድመ መሰረት፡ ንኣብ ኣብታ ሃገር ከቢድ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ፈጢሮም ዝነበሩ ዕጡቓት ተቓወምቲ ንምቕላስ ኣብ 2018 ወተሃደራዊ ምትእትታው ከም ዝገበረ’ዩ ዝንገር።






| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ናጽነት | 7/12/2024 | ጎደና 176-3 ቁ.21፡ ከባቢ ሚ/ሪ ትምህርቲ | 122035 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565